ካብ ካልእ ናይ ስሕተት ወንጌል ተጠንቀቑ

# ካልእ ወንጌል

ብዶ/ር ተኽለኣብ መንግስትኣብ



ምዕራፍ 1

# ስሕተትን ኣሰራርሕኡን

## ምምርማር፣
## መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስጉምቲ

ኣብ መብዛሕትኡ ክፋል ናይ ሰጋዊ መነባብሮና ንዝኾነ ደኹን ነገር ከይመርመርና እንቕበሎ እዋን ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ጠቓምቲ ዝበሃሉ ነገራት ብብዙሕ መንገዲ እንተ ተገልጹልና እኳ ግርህ ኢልና ንምቕባል እንድንጕ። እቲ ዘሕዝን፣ ንሰብ ናብ ሓጢኣትን ናብ ጥፍኣትን ዘውድቑ ነገራት ከቕርቡልና ከለው ግን ብዘይንቡር ግርህነት ዛንደፍ ኢልና ንቕበሎ። ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስና ኣብ ምሳ፡22፡3 (ምሳ፡27፡12) <u>"ኣስተውዓሊ ሰብሲ እከይ ይርኢ እሞ ይሕባእ፣ ገርህታት ግና ንቕድሚት ይኸዱ እሞ ብእኡ ይጉድኡ።"</u> ብምባል ጠቒስዎ ዘሎ፣ ሓዲግ ገርህነት ንጉድኣትና ደኣ እምበር ንድሕነትና ከም ዘይጠቅም ክንስተውዕል የድልየና።

ገርህነትና ከም ናይ ናትናኤል ንጐይታን ንሓቅታቱን ጥራይ ክሕዛእ ከም ዘለዎ ኣይንዘንግዕ። ገርህነት ዝኣክል ክቡር መንፈሳዊ ንብረት፣ ነቲ ሰራቒ ዝኾን ሰይጣንን መዓይይቱን እንተ መጢናዮ፣ ጉድኣት ነፍስና መዳርግቲ ኣይክርከቦን እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ሮሜ ክምዕዶም ከሎ፣ <u>"ንሰናይ ብልህታት፣ ንእኩይ ግና ገርህታት ክትኮኑ፣ እደሊ ኣለኹ።"</u> ዝበለ ንሳቶም እኩይ ንምግባር ገርህታት ንክኾኑ ደኣ እምበር እከይ ክመጾም ከሎ ገርህታት ኮይኖም ክቕበልዎ ኣይኮነን ዝምዕድ ዘሎ። ከምኡ እንተ ዝኸውን እሞ ቅድሚ ሓደ ጥቕሲ እዚ ዝሰዕብ ሰምዕታ ኣይምጸሓፈን። <u>"ግናኸ ኣሕዋተየ፣ ነቶም ካብቲ እተመሃርኩምዎ ምህሮ ምፍልላይን መዓንቀፍን ዝገብሩ ክትዕዘብዎም፣ እምዕደኩም ኣለኹ። እቶም ከምዚኣቶም ዝበሉ ኻብዶም እምበር፣ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣየገልግልዎን፣ ብጥዑም ዘረባን ምርቓን ልቢ እቶም ገርህታት የስሕቱ እዮም</u> <u>እሞ፣ ካባታቶም ኣግልሱ።"</u> ብምባል ነቶም ዘስሕቱ ክግርሁ ከም ዘይግባእ ኣጠንቂቑዎም እዩ (ሮሜ፡16፡17-19)።

እቲ ንክርስቶስን ንሓቅታቱን ጥራይ ክኸውን ዝግብኦ ገርህነትና፣ ሰይጣን ብጉርሒ ክምንዝዓናን ንእኡ ክንገብሮን እዩ ዝደሊ። ሄዋን ከምቲ ንትእዛዝ ኣምላኽ ብገርህነት ዝተቐበለቶ፣ ብማዕሪኡ ድማ ነቲ ሰይጣን ዝፈሓሰላ ተንኮል ብገርህነት ተቐቢላቶ እያ። እቲ ዳሕረዋይን ዘይተደላይን ገርህነት ነቲ ቀዳማይን ንቡርን ገርህነት ሰፍራ ኣልቂቑ ድማ ናብ ዘሰቕቕ መደምደምታ

ከመርሓ ተራእዩ (ዘፍ፥3፥1-16)። ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ ንሕልና ሰብ ቈረንቶስ ብንጽህናን ብገርህነትን ንክርስቶስ ተዓሊሙ ከም ዘዓቢ ድሕሪ ምግባሩ፣ ካባታቶም ተፈልየ። ንክርስቶስ በዘን ክልተ ባህርያት እዚኣተን ኣሕጽይዎም ከብቕዕ ብድሕሪኡ ግን ሓደ ኣዝዩ ዘሰክፎን ዘፍርሆን ነገራት ክሰምዕ ጀሚሩ። ከምዚ ብምባል ድማ ጸሓፈሎም። “ብቕንኢ ኣምላኽ እቐንኣልኩም እየ እሞ፣ ንጽህቲ ድንግል ንክርስቶስ ምእንቲ ከቕርበኩም፣ ንሓደ ሰብኣይ ኣሕጽየኩም እየ። ግናኸ ከምቲ ተመን ብጒርሑ ንሄዋን ዘስሓታ፣ ከምኡ'ውን ሓሳብኩም ካብቲ ናብ ክርስቶስ ዘሎ ገርህነትን ንጽህናን ምናልባሽ ከይጠፍእ እፈርህ ኣለኹ።” (2ቈረ፥11፥2-3)

ከምቲ ኣስዒቡ ኣብ ጥቕሲ 4 ገሊጽዎ ዘሎ፣ ካልእ ኢየሱስ፣ ካልእ መንፈስ፣ ካልእ ወንጌል እናተሰብከሎም ክሎ ስቕ ኢሎም ምዕጋሶም ኣዝዩ ከም ዘፍርሆ ገሊጹሎም። “ስለዚ ሓደ እኳ፣ ንሕና ዘይሰበኽናዮ፣ ካልእ ኢየሱስ እንተ ሰበኸ፣ ወይስ ንስኻትኩም ዘይተቐበልኩምዎ ኻልእ መንፈስ እንተ ተቐበልኩም፣ ወይስ ዘይረኸብኩምዎ ካልእ ወንጌል እንተ መጸኩም፣ ጽቡቕ (ስቕ ኢልኩም) ትዕገስዎ ኣለኹም።” (2ቈረ፥11፥4)። ኣብቲ ቀዳማይ ትርጒም “ጽቡቕ” ዝብል ቃል፣ ኣብ ናይ እንግሊዝ ትርጉማት ደኹን ኣብቲ ሓድሽ ትርጒም ናይ ትግርኛ ግን “ስቕ ኢልኩም” እዩ ዝብል። ስለዚ ካልእ ኢየሱስ ዝኣክል እናተሰብከልካ፣ ይትረፍ ምቕባሉ እሞ ምስባኹ፣ ስቕ ኢልካ ምዕጋሱ ጥራይ እኳ ዘይጽወር ሰግአትን ፍርሃትን ዘስዕብ ተርእዮ እዩ። እቶም ኣብ ዓይኒ ጐይታኦም ብሉጻት ሃዋርያት ግን፣ ካልእ ኢየሱስን ካልእ ወንጌልን፣ ይትረፍ ብኣፍ ስጋ-ለበስ ሰብሲ ብኣፍ ረቀቕቲ መላእኽቲ ክሰበኽ እንተ ዝሰምዕዎ እኳ የውግዝዎ እምበር ኣይዕገስዎን እዮም።

እቲ ዝስበኽ ዘሎ ኢየሱስ፣ ካልእ ኢየሱስ ድዩ ወይስ እቲ ሓቀኛ ኢየሱስ ንምልላይ ግን እታ እንኮ መንገዲ ምምርማር ጥራይ እያ። ይትረፍ ሓደጋ ክንጸላሉ እናረኤኻ፣ ካብ ኣፍ እቶም ብሉጻትን ምርኡያትን ሃዋርያት፣ ካብ ኣፍ እቶም ንወንጌል ካብቲ ምንጩ ዝኾነ ኢየሱስ ዝረኣይዎን ዝሰምዕዎን ዝዳህሰስዎን እናሰማዕካ እኳ፣ ነቲ ዝሰማዕካዮ ቃል እናመርመርካ ክትቅበሎ፣ ናይ ደግነትካን ምስትውዓልካን መለክዒ ደኣ እምበር፣ ዘይምእማንካ ዘስምዕ ኣይኮነን።

ሰብ ቤርያ ካብ ሰብ ተሰሎንቄ ዝበለጹ ደግታት ንክኾኑ ዝሓገዞም ረቛሒ ድማ እዚ እዩ። ወንጌላዊ ሉቃስ፣ ብዛዕባ ደግነት ሰብ ቤርያ ከምዚ ብምባል እ



ዩ ንቴዎፍሎስ ዘዘንተወሉ። “ንሳቶም ድማ (ሰብ ቤርያ) ካብቶም ኣብ ተሰሎንቄ ዝነበሩ ዝበለጸ ደግታት ነበሩ። ንሳቶም፣ 'እዚ ነገር እዚ እስኪ ከምኡ እንተ ኾይኑ፣' ኢሎም ኣብ ጸጽባሕ ነቲ ጽሑፋት እናመርመሩ፣ ነቲ ቓል ብኹሉ ፍቓዶም ተቐበልዎ።” (ግብ፥17፥10,11)። ሰብ ቤርያ “እስከ ከምኡ እንተ ኾይኑ” ኢሎም ዝምርምርዎ ዘለው ንትምህርቲ ናይቶም ሕሩያት ኣገልገልቲ ዝኾኑ ጳውሎስን ሲላስን እዩ። ዋላ ሓንቲ ዝሰምዑሎም ሕማቕ ትምህርቲ ከም ዘይነበረ፣ ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ዝተመስከረሎም ኣገልገልቲ ምንባሮም ይፈልጡ እዮም። እንተ ኾነ ዝኾነ ዓይነት ኣገልጋሊ ይምጻእ ብዘየገድስ፣ ልዕሊ ቅዱሳት ጽሑፋትን ልዕሊ ምርመራን ክኸውን ከም ዘይክእል ዘስተውዓሉ ብሱላት ኣመንቲ እዮም ዝነበሩ። እቶም ዝተመርመሩ ሕሩያት ኣገልገልቲ ድማ ነቶም “እስከ ከምኡ እንተ ኾይኑ” ኢሎም ንዝሓተቲ፣ ደቀ መዛሙርቲ ከም ዘይኣመንቲ፣ ተጠራጠርቲ፣ ኣብ ልዕሊ ቅቡኣት ኣምላኽ ኢዶም ከም ዝዘርግሑ ደፋራት ጌሮም ዘይኮነስ፣ ከም ዝበለጹ ደግታት ጌሮም እዮም ገሊጾምዎም። ኣብዚ ዘመንና ግን ምምርማር ማለት ምጥርጣር ማለት ከም ዝኾነ፣ ንመንፈስ ቅዱስ ከም ምድፋር፣ ኣብ ልዕሊ ቅቡኣት ኣምላኽ ኢድካ ከም ምዝርጋሕ ጌሩ ዝገልጽ ቅዲ ወንጌል ይረአ ምህላዉ ኣዝዩ ዘሰግእ እዩ።

ኩሉ ዝተገብረን ዝተባህለን ዘበለ ካብ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ዝብል የዋህ ኣተሓሳስባ ናብቲ እንናፍቖ ዘለና ዓዲ ዘየእቱ ምዃኑ ቃል እግዚኣብሄር ደጋጊሙ ገሊጹልና እዩ። ሰይጣን ንገዛእ ርእሱ መልኣኽ ብርሃን ክምስል ዝኽእል፣ ተኾላ'ውን ንበጊዕ ክመስል ዝኽእል፣ እቲ ጮማ ብቐሊ ናይ ክርዳድን ሰርናይን ድማ ክመሳሰል ዝኽእል እንተ ኾይኑ፣ ኽይንምርምር እንዘንገዓሉ ዝኾነ ደኹን ምኽንያት ምኽኑይ ኣይኮነን ማለት እዩ። ኣቦታት ከምስሉ “ኣማጽኣ ሰይጣን ዘይፈልጥሲ ኣይመንኰስ” ካብ በሉ፣ እቶም ደቂ ወንጌል ኢና እንብል ማዕረ ክንደይ ጥንቁቓትን መርመርትን ክንከውን ከም ዝግብኣና ኣይንዘንግዕ!!

ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ተሰሎንቄ፣ “መንፈስ ኣይተጥፍኡ። ትንቢት ኣይትንዓቑ። ኹሉ ተዓዘብዎ (መርምርዎ)፣ ነቲ ሰናይ ሓዝዎ። ካብ ክፉእ ዘበለ ኩሉ ርሓቑ።” ኢሉ ከም ዝመዓዶም፣ ኹሉ ናይ ምምርማር መሰልን ዕድልን ተጠቒምና ነቲ ሰናይ ክንሕዝ፣ ብኣንጻሩ ከኣ ነቲ ክፉእ ክንርሕቕ ከም ዝግባእ ኣይንዘንግዕ (1ተሰ፥5፥19-22)። ብኸምዚ ኢና ነቲ “መንፈስ ኣይተጥፍኡ፣ ትንቢት ኣይትንዓቑ።” ዝብል ክቡር ቃል ከነኽብሮን ክንሕልዎን እንኽእል። መርሚርካ ሓቅነቱ ናይ ዘየረጋገጽካዮ ትንቢት ክብሪ ክትሕሉ ኣጸጋሚ እዩ። ስለዚ ድማ “

ነብያት ድማ ክልተ ወይስ ሰለስተ ኮይኖም ይዛረቡ፣ እቶም ኻልኦት'ውን ይመርምሩ።" ዝብል ቃል ተጻሒፉልና ኣሎ (1ቈረ፥14፥29)። ነብያት ክንበዪ ክለው እቶም ካልኦት ኩላቶም ኣፎም ከፊቶም ከም ዘለዎ ክውሕጥዎ ዘይኮነስ ኣኮማሲያም ክምርምርዎ፣ ነቲ ዘይወሓጥ ድማ ካብ ኣፎም ክተፍእዎ ከም ዝግባእ እዩ ዝነግረና ዘሎ።

ሃዋርያ ዮሃንስ'ውን እንተ ኾነ ነዚ ሓቂ እዚ እዩ ደጊሙ ዘረጋገጸ። "ኣቱም ፍቁራተይ ብዙሓት ነብያት ሓሶት ናብ ዓለም ወጺኦም ኣለው እሞ፣ እቶም መናፍስቲ ካብ ኣምላኽ እንተ ኾይኖም መርምሩ እምበር፣ ንመንፈስ ዘበለ ኩሉ ኣይትእመንዎ።" ብምባል ዝሃበና መጠንቀቕታ ክንግልገለሉ ዝግባእ ሓቂ እዩ (1ዮሃ፥4፥1)።

ክንምርምር እንክሎና ብመንጽር ቃል እግዚኣብሄር ዝብሎ ደኣ እምበር ብመንጽር እቲ ነብዪ ዝበሎን ዝገበሮን ክኸውን ከም ዘይብሉ ድማ ኣይንዘንግዕ። ዋላ'ኳ እዚ ኣርእስቱ ሒዙ ብዙሕ ክዝረበሉ እንተ ኾነ፣ ሓደ ሰብ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ተኣምራትን ምግላጻትን ይሃልዎ ብዘየገድስ ትምህርቱን ፍረ ህይወቱን ካብ ሚዛን ቃል እግዚኣብሄር ክምልጥ ከም ዘይክእል ክንዝክር ይግባእ። ነብዪ ሙሴ እኳ "ኣብ ማእከልካ ነብዪ ወይ ሓላም ሕልምታት እንተ ተንሲኡ እሞ ምልክት ወይስ ተኣምራት እንተ ሃበካ.... እሞ ከምቲ ዝበለካ እንተ ኾነ፣ ደድሕሪ ዘይትፈልጦ ካልኦት ኣማልኽቲ ኻኺድ እንተ በለካ... ነቲ ነብዪ እቲ ወይ ነቲ ሓላም ሕልምታት እቲ ቓሉ ኣይትስማዕ።" ኢሉ ንህዝቢ እስራኤል ኣጠንቂቑ እዩ (ዘዳ፥13፥1-3)። እቲ ዝበለካ ተኣምራት ክፍጸም ምኽኣሉ ነቲ ነብዪ እቲ ናይ ምእማን ውሕስነት ኣየውህበካን እዩ። እቲ ኣዝዩ ዘገድስ ነጥቢ፣ በዚ ብሓይሉ ዘይኮነስ ብሓይሊ ናይ ካልእ ረቂቕ መንፈሳዊ ኣካል ተደሪኹ ዝገበሮ ነገር ናበይ ገጹ ይመርሓካ ምህላው ምፍላጥ ጥራይ እዩ።

ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ምምርማር ዘጋጥም ጸገም ድማ ፍልጠት ሓቂ ዘይብልካ ምጽናሕ እዩ። ምእንቲ ዕለታዊ መንፈሳዊ ህይወትካን ኣገልግሎትካን ክትብል ዘይበሃግካዮ ፍልጠት ሓቂ፣ ኣብ ናይ ዜሮ ሰዓት ሓደጋ ምስ ኣንጸላለወ እትገብሮ ፈንጠርጠር ብዙሕ ዕውት ክይከውን ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ሽዑ ብመንጽር እቲ ዝሰማዕካዮ ሓሶት ጌርካ ነቲ ሓቂ ክትደልዮ ከለኻ ክተለልዮ ዘለካ ዕድል ጸቢብ እዩ። ኣቐዲምካ ነቲ ፍልጠት ሓቂ ሒዝካዮ እንተ ትጸንሕ ግን ነቲ ሓሶት ብመንጽር እቲ ኣዕሚቕካ እትፈልጦ ሓቂ ክትፍትሾ ከለኻ



ብቐሊሉ ክተለልዮ ምተኻእለ ነይሩ። ሃዋርያ ጴጥሮስ "...ብዛዕባ እታ ኣሎኻትኩም ዘላ ተስፋ ምኽንያታ ንዝሓተኩም ዘበለስ ምላሽ ንምሃብ ኩሉ ሳዕ እተዳለኹም ኩኑ፣ ግናኸ ብዓቕልን ብፍርሃትን ደኣ ይኹን።" ብምባል ዘተሓሳሰበና ድማ ክንሰ ተውዕሉ ይግባእ (1ጴጥ፥3፥15)። ስለዚ ከምቲ ዘማራይ ዳዊት ኢልዎ ዘሎ፣ ለይትን መዓልትን ንቓሉ ንምምርማር ክንተግህ የድሊ። "ብምኽሪ ረሲኣን ዘይመላለስ፣ ኣብ መገዲ ሓጥኣን ከኣ ዘይቀውም፣ ኣብ መንበር መላገጽቲ ድማ ዘይቕመጥ፣ ብሕጊ እግዚኣብሄር ድኣ ዚፍሳህ፣ ነቲ ሕጉ'ውን ለይትን መዓልትን ዚመራምሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ።" ንሱ ከምታ ፍሬኣ በብጊዜኣ እትህብ፣ ቈጽላ ኸኣ ዘይረግፍ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ እተተኽለት ኦም ይኸውን። ዝገብሮ ኩሉ'ውን ይሰልጦ።" (መዝ፥1፥1-3)። "ህዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ" ከም ዝተባህለ ብዘይ ፍልጠት ሓቂ ብቕንኣት ጥራይ ካብቲ እንፈርሆ ጥፍኣት ክንድሕን ኣይንኽእልን ኢና። ንእስራኤላውን ብጐይታ ከይኣምኑ ዝዓንቀፎም እዚ ነገር እዚ ከም ዝኾነ ጳውሎስ፣ "ኣሕዋተየ፣ ብፍልጠት ደኣ ኣይኮነን እምበር፣ ንኣምላኽ ቅንኣት ከም ዘለዎምሲ፣ ኣነ እምስክረሎም ኣሎኹ እሞ፣ ንሳቶም ክድሕኑ፣ ስሊኦም ሃረርታ ልበይን ናብ ኣምላኽ ጸሎተይን እዩ፣" ብምባል ገሊጽዎ እዩ (ሮሜ፥10፥1-2)።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ንምስትውዓሎም ዝኸብዱ ሓያሎ ሓቅታት ኣለው። ነዞም ዕጹማት ምግብታት እዚኣቶም ጸባ ጥራይ ምስታይ ዝለመደ ሰብ ብቐሊሉ ክምገቦም ይኸብዶ እዩም። ኣብ መልእኽቲ ናብ እብራውያን ተጻሒፉ ዘሎ እዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ነዚ ክንብሎ ዝጸናሕና ሓቂ ዘብርህ እዩ። "ብዛዕብኡ ብዙሕ ነገር እንብሎ ነይሩናስ፣ ንምስማዕ ድንዙዛት ስለ ዝኾንኩም፣ ትርጉሙ ጭንቂ እዩ። ከም ምንዋሕ ዘመኑስ መምህራን ክትኮኑ እኳ ምተገብኣኩም ነይሩ፣ ነቲ ናይ መጀመርታ ትምህርቲ ቈልዑ ናይ ቃል ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ክምህሩኹም የድልየኩም ኣሎ እሞ ጸባ ድኣ እምበር፣ ዕጹም ብልዒ ኣየድልየክምን እዩ። ጸባ ዝቐለብ ዘበለ ኹሉ ቈልዓ እዩ እሞ ብናይ ጽድቂ ነገር ፍቱን ኣይኮነን። ዕጹም ብልዒ ግና ነቶም ጽቡቕን ክፉእን ንምፍላይ ብምልማድ ንልቦናኦም ዘላምዱ ብጹሓት እዩ።" (እብ፥5፥11-14)። ስለዚ ዕጹም ብልዒ ዘይለመደ ሰብ ጽቡቕን ክፉእን ምፍላይ ክለምድ ኣይክእልን እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ በቲ ዝተዋህቦ ጥበብ ንምስትውዓሉ ዝኸብድ ብዙሕ ዓበይቲ ምስጢራት ጽሒፉ እዩ። ስለዚ እቶም ጸባ እምበር ዕጹም ብልዒ ዘይለመዱ ሰባት ነዚ ጽሑፋት እዚ ብዘይ ምስትውዓል ንጥፍኣት ርእሶም ጠውዮም ይስሕቱን የስሕቱን ነበሩ። ጴጥሮስ ብዛዕባ እዚ ከምዚ ብምባል ብንጹር ጽሒፉ ኣሎ።

"... ንሱ (ጳውሎስ) ኣብ ኩላተን ደብዳቤታቱ ድማ ነዚ ነገር እዚ ክዛረበሉ ክሎ፣ ኣብኡ ንምስትውዓሉ ዘሸግር ሓያሎ ነገር ኣሎ። <u>እቶም ደናቑርትን ዘይጽኑዓትን</u>፣ ከምቲ ነቲ ኻልእ ጽሑፋት ንጥፍኣት ርእሶም ዝጠዋወይዎ ገይሮም ይጠዋውይዎ ኣለው። ደጊም ኣቱም ፍቁራተይ፣ ነዚ ቕድም እናፈለጥኩምሲ፣ <u>ብስሕተት እቶም ሰዲ ዝኾኑ ዘለዉ ተሳሒብኩም ካብ ጽንዓት ርእሰኹም ክይትወድቁ ተሓለዉ</u>። ብጸጋን <u>ብፍልጠት ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ድኣ ዕበዩ።</u>..." (2ጴጥ፣3፣15-18)። ስለዚ ብፍልጠት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ዝግባእ ዓቢና ካብቲ ዝፈሓሰልና ፍሕሶታት ስሕተት ንርእስና ክንሕሉ ከም ዝግባእ ኣይንዘንግዕ።

## *ትሕትና ድዩ ትሑትነት?*

ሓድሓደ ጊዜ ድማ ኣመንቲ "ኣነ መን እየ?" ብዝብል ናይ ትሕትና ዘይኮነስ ናይ ትሑትነት ስምዒት (Inferiority) እቲ ኩነታት እናተረድኦም ከሎ ክጽቅጡ ይረኣዩ። ናይ እግዚኣብሄር ክብርን ሓቅን ክድፈር እናረኣኻ ከም ዘይረኣኻ ኴንካ ምጽቃጥ ከም ናይ ኤሊ ዝበለ ሓደገኛ ኣካይዳ እዩ። ኤሊ ክቢድ በደል እናረኣየ ካብ ንኣምላኽ ንላዕሊ ንደቁ ስለ ዘኽበረ፣ ናቱን ናይ ዘርኡን ኣጣፋፍኣ ዘሰክሕ ኮይኑ እዩ። ኣብ ናትና ጉዳይ ክንትሕት ጽቡቕ እዩ፣ ኣብ ናይ እግዚኣብሄር ጉዳይ ግን ቆራጻትን ጽኑዓትን ክንከውን ናይ ግድን እዩ። "ንቅቡኣተይ ኣይትተንክይዎም" ዝብል ቃል ኣብ ዘይመዓልኡ እናወዓለ ነቲ ሰዲ ዝኾይድ ዘሎ ሰብ ዓገብ ካብ ምባል ኣፍ ብዙሓት ደኺድን ኣሎ። <u>ነቲ ዝቐብእ ኣምላኽ ዝደፍር ቅብኣት ዘለዎ ሰብ፣ "ናይ እግዚኣብሄር ቅቡእ እዩ" ኢልካ ዘሕስብ የዋህነት ካብቲ ዝጸውዓና ዝመንጨወ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።</u> ካብዚ ከምዚ ዝዓይነቱን ትሕትና ዝመስል ግብዝና ርእስና ክንሕሉ እንተ ዘይክኢልና መወዳእታና ኣይከሐጉሰናን እዩ። እቶም ካብ ሚዛን ከምልጡ ዝደልዩ መስሓትቲ፣ ኩሉ ጊዜ ልዕሊ እቲ ብጐይታ ዝተዋህበ ቃል ከም ዝኾኑ ክመስሉ እዮም ዝመጣጠሩ። ካብ ቃሉ ዘይኮነስ ብምግላጽ ዝረኸብዎ ብምምሳል ይዛረቡ እሞ፣ ነቲ ጽውጽዋያቶም ንምፍታሽ ሕቶ ኣብ እተልዕለሉ እዋን፣ "ንቕቡኣተይ ኣይትተንኪ" ዝዓይነቱ ምፍርራህ እናፈጸሙ ኻኹሉ ነገር ዓይንኻ ዓሚትካ ክትውሕጦ ኣብ ልዕሌኻ ተጽዕኖ ይገብሩ። ስለዚ ነዚ ከምዚ ዝበለ ባዶ ቃላት በቲ ምልኣት ዘለዎ ቃል ጐይታ ክትወቕዕ ሓላፍነትካ እዩ።



በዓል ጳውሎስ ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ዝነበሮም ትሕትና መዘና ኣይነበሮን። ክብሪ ኣምላኽን ክብሪ ወንጌልን ክትንከፍ ከሎ ዘርኣይዎ መትከል ግን ኣዝዩ ንጹር እዩ ነይሩ። ንቲ ዝሰበኾ ዘሎ ናይ ሓሶት ካልእ ወንጌል ብግልጺ ኣውጊዞምዎ እዮም። ብዛዕባ እቶም ነዚ ወንጌል እዚ ዝሰብኩ ዘለው፣ ንርእሶም ኣገልገልቲ ጽድቂ ዘምስሉ ዓየይቲ ዝሃብዎ ቃል ድማ ዘየማትእን ንጹርን እዩ ነይሩ።

<u>**ገላ፣1፣6-9**</u> ፡- "ካብቲ ብጸጋ ክርስቶስ ገይሩ ዝጸውዓኩም ኣምላኽ፣ እንታይ እዋን ናብ ካልእ ወንጌል ከም ዝሓለፍኩም (ምግልባጥኩም) ገሪሙኒ ኣሎ። እዚ ግና፣ ገሊኦም ሰባት ንወንጌል ክርስቶስ ክልውጡ ደልዮም እዮም ዘዕገርግሩኹም እምበር፣ ካልእ ወንጌል ፈጺሙ የልቦን። ግናኸ ንሕና ኮነ ካብ ሰማይ ዝወረደ መልኣኽ ነቲ ንሕና ዝሰበኽናልኩም ዝጻረር <u>ካልእ ወንጌል እንተ ደኣ ሰቢኹልኩም ውጉዝ ይኹን</u>። ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፣ ሕጂ'ውን ሓደ ነቲ ዝተቐበልኩምዎ ዝጻረር <u>ካልእ ወንጌል እንተ ድኣ ሰቢኹልኩም ደጊመ "ውጉዝ ይኹን"</u> እብል ኣሎኹ።" (ሓድሽ ትርጉም)።

<u>**2ጴጥ፣2፣17**</u> ፡- "ንሳቶም ማይ ዘይብሉ ዒላታትን ህቦብላ ዝኸብከቦ ግመን እዮም፣ <u>ንኣታቶም (ነቶም መዘስሓትቲ) ግብ ዝበለ ጸልማት ንዘልኣለም ተኣኪብሎም ኣሎ።</u>"

<u>**ይሁ፣12-13፡-**</u> "እዚኣቶም ብዘይ ፍርሃት ምሳኻትኩም እናበልዑ ንርእሶም ዝጓስዩ፣ ኣብቲ ናይ ፍቕሪ መኣድኹም ጸያቒቶ እዮም፣ ንፋስ ንየው ነጀው ዝደፍኦ፣ ማይ ዘይብሉ ደበና፣ ዘይፈርያ ክልተሳዕ ዝሞታ፣ ካብ ሱረን እተመንቈሳ ኣእዋም ሓጋይ፣ ነቲ ነውሪ ርእሶም ዘዕፍርዎ ብርቱዓት ማዕበል ባሕሪ፣ ብርግርግ ዝብሉ ከዋኽብቲ እዮም፣ <u>ነዚኣቶም ግብ ዝበለ ጸልማት ንዘልኣለም ተዓቚሩሎም ኣሎ።</u>"

## ብዝሒ ሰብ መለክዒ ኣይኮነን

እቲ ካልእ ንኣባጊዕና ናብ ዘይተደላዩ ገርህነት ዝመርሖን ዘሎ ድማ፣ ናብቲ ናይ ስሕተት ኣዳራሻት ዝውሕዝ መጠን ሰብ ምርኣይ እዩ። መንፈሳዊ ሓቂ ከም ፖለቲካዊ ሓቂ ብብዝሒ ሰብ ኣይልካዕን እዩ። ናብ ሓደ ኣደራሽ ሰባት ብብዝሒ እናተጸቓቐጡ ክኣትው ምርኣይ፣ ምልእቲ ዓለም ሓደ ዓይነት ዜማ ክተዝይም ምስማዕ፣ ነቲ እምነት እቲ ሓቅነትን ክብደትን ኣየውህቦን እዩ። ምኽንያቱ ኣህዛብ እንተ ተኣከቡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሓቅታቱን ከም ሓንቲ ነጥቢ ኣብ ዕትሮ፣ ከም ሓንቲ በሰር ኣብ ሚዛን እዮም ዝቑጸሩ (ኢሳ፡40፡15,17)። ብፍላይ ኣብ ወንጌል ነታ ሓቂ ውሑዳት እምበር ብዙሓት ከም ዘይስዕብዋ ተረጋጊጹ እዩ። "ጽውዓት ብዙሓት ሕሩያት ግና ሒደት እዮም።" ዝብል መለኮታዊ ሓቂ፣ ሓሶት ተኣኪቡ ብብዝሒ ቲፎዞ ተሰንዩ ናብ ሓቂ ክልወጥ ከም ዘይክእል ዘረጋግጸልና ሓቂ እዩ። በታ ርሕብቲ ኣፍ ደገ ንምእታው፣ በታ ገፋሕ መንገዲ ዝኸዱ እዮም ዝበዝሑ እምበር በታ ቀጣን መንገዲ ከይዶም በታ ጸባብ ኣፍ ደገ ክኣትው ዝደልዩ ኣዝዮም ውሑዳት እዮም። ጐይታ ድማ በታ ጸባብ ደገ ክንኣቱ እዩ ምዒዱና (ማቴ፡7፡13-14)። እዚ ኣብ ዙርያና ዝንዝም ዘሎ ጋሻ ወንጌል ድማ ነተን ብጐይታ ዝተዳለዋ ቀጣን መንገድን ጸባብ ኣፍ ደገን ከግፍሕ ዝመጣጠር ትምዩን ወንጌል እዩ።

ጐይታ ግን ብዙሕ ህዝቢ ክስዕቦ ስለ ዝረኣየ ዝተሓጐሰሉ ኣጋጣሚ ኣይንርእን ኢና። ብኣንጻሩ ክስዕብ ዝደሊ እንተሎ ሳሕቲ ዘይኮነስ ኣብ ጸጽባሕ መስቀሉ ክልዕል በዲህዎ እዩ (ሉቃ፡9፡23)። ንኽህብትም ኢሉ፣ ኣብቲ ናይ ኢየሱስ "ቪላ" ክጽልል ኢሉ ንዝስዕብ ኩሉ ርእሱ ዘጸግዓላ ስፍራ ከም ዘይብሉ ኣቕቢጽዎ እዩ (ሉቃ፡9፡57-58)። እቶም ንስግኡ ክበልዑን ንደሙ ክሰትዩን ዝጨነቖም ደቀ መዛሙርቱ ንድሕሪት ንግፍ ኢሎም ክኸዱ እንክለው ኣብ ወንጌሉ ምትዕርራይ ክገብር ኣይፈቐደን። ብኣንጻሩ ነቶም ዝተረፉ 12 ሃዋርያት እኳ "ንስኻትኩምከ ክትከዱ ትደልዩዶ?" ብምባል ነጻ ምርጫ ድኣ ሂብዎም እምበር ብግዲ ንኽስዕብዎ ተጽዕኖ ኣይገበረሎምን (ዮሃ፡6፡60-71)። ኣዳራሹ ጥራዩ ስለ ዝተረፈ ናይ ኣባልነት መዝገቡ ዝድምሰስ ስማት ስለ ዝበዝሐ ኣይተሰናበደን። ንሳ ስለ ዝተወቕዐ ኣባጊዕ ፋሕ እንተ በላ እኳ፣ እተን ምርኡያት ኣባጊዑ ኣፈን መሊኦን "ኣይንፈልጦን ኢና" እንተ በላ እኳ፣ ነቲ ናይ መስቀል ጉዕዙኡ



ክቕልፎን ካልእ መለሳ መንገዲ ክደልን ኣይተራእየን። ስለዚ ብዝሕን ዕቤትን ናይቲ ሓቂ እምበር ብዝሒ ሰብ መምዘኒ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

## ዘደንቕ ኣርኣያ ጕስነት!!

ክርስቶስ ንህዝቡ ንኸገልግል ካብ ሰማያት ወሪዱ ካብ ቅድስቲ ድንግል ተወሊዱ፣ ካብ ልደቱ ክሳብ ናይ መስቀል ሞቱ ተዋሪዱ ክሓልፍ ዝፈቐደ፣ ነቲ ብኣባጊዕ ተመሲሉ ዘሎ ህዝቡ ንኸድሕን እዩ። ጐይታ ኢየሱስ፣ ኣእምሮ ሰብ ክበጽሖ ብዘይክእል፣ ብሕያውነትን ብበጃነቱን ዝልለ ጕስነት ኣርእዩና እዩ ዓሪጉ። ነተን ኣባጊዑ፣ ንድምጹ እምበር ንድምጺ ካልእ ከም ዘይሰምዓ ጌሩ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ድምጺ ካልኣት ጓሶት ክሰምዓ ከለዋ ነቲ ድምጺ ኣለልየን ካብኡ ዝገልባሉ ፍሉይ ጸጋ'ውን ኣለማሚድወን እዩ። ንጓስኣን ቀዲመን ዝመርሓ ዘይኮነስ፣ ኣሰር ኣእጋሩ እናረኣያ ድምጺ ልሳኑ እናሰምዓ ዝስዕባ ፍሉያት ኣባጊዕ ጌሩ እዩ ኣሰልጢኑወን። እቲ ካልእ ዝተማህርኦ ፍሉይ ትምህርቲ ከኣ እቲ ናብ ደምበ ኣባጊዕ ብኣፍ ደገ ዘይኣቱ፣ ብኻልእ ወገን ዝሓኩር ንሱ ሰራቕን ጕሒላን ከም ዝኾነ ኣነጺረን ዝፈልጣ ንምድሓን ዝለበማ ኣባጊዕ ምኳንን እዩ። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ካልእ ምስትውዓለን ድማ፣ ነቲ ጓሳ ብድምጹን ብኣሰሩን ብኣተኣታትውኡን ብኣዋፍርኡን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ተኹላ ምስ ረኣየ ብዝወስዶ ንጹር ስጉምቲ'ውን ይፈልጥኦ እየን። እቲ ጓሳ፣ ነቲ ተኹላ ክመጽእ ከሎ ምስ ረኣዮ ካብቲ ኣብ ቅድሚ ኣባጊዑ ዝነበሮ ቦታ ሃዲሙ ናብ ድሕሪኣን ኣይከይድን፣ ነተን ኣባጊዕ በጅኡ ኣይገብረንን እዩ። ብኣንጻሩ ንድሕነተን ክብል ህይወቱ በጅኣን እዩ ዘሕልፍ (ዮሃ፡10፡1-15)።

ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክምዚ ዝበለ ዘይሃስስ ኣርኣያ ጕስነት ገዲፉልና እዩ ከይዱ። ነዚ ክምዚ ዝበለ ጕስነት ናይ እግዚኣብሄር፣ ኣቦና ዳዊት ክገልጾ ከሎ ኣብ መዝሙር ዳዊት ክምዚ ዝብል ቃል ጽሒፉ እዩ። "እግዚኣብሄር ጓሳይየይ እዩ፣ ዝጐድለኒ የብለይን፣ ኣብ ልሙዕ ሸኻ የውዕለኒ፣ ናብ ዝዓርፈሉ ማይ ይመርሓኒ፣ ንሱ ንነፍሰይ የህድኣ፣ ምእንቲ ስሙ ኢሉ ብመገዲ ጽድቂ ይመርሓኒ። በትርኻን ምርኩስካን የጸናንዓኒ እዩ፣ ንስኻ ምሳይ ኢኻ እሞ ብሩባ ሩባ ድነ ሞት እኳ እንተ ኸድኩ፣ ክፉእ ኣይፈርህን እየ። ንስኻ ኣብ ቅድሚ ጸላእተይ መኣዲ ትሰርዓለይ፣ ንርእሰይ ብዘይቲ ትለኽዮ፣ ጽዋኣይ ይጅርብብ ኣሎ። ብሓቂ ሳህልኻን ምሕረትካን ብኹሉ ዕድመይ ክስዕባኒ እየን፣ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ከኣ ንዘልኣለም ክነብር እየ።" (መዝ፡23፡1-6)። ኣብ ካልእ

ክፋላት ናይ መጽሓፍ ቅዱስና እንተ ረአናዮ ጉስነት እግዚኣብሄር ኣዝዩ ብዙ ምስጥ ቃላት ተጻሒፉ ንረክቦ ኢና።

ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዝገበረልና ዝዓበዩ ረድኤታት ሓደ፣ ኣሰሩ ዝስዕቡ ካልኦት ጓሶት ብምስልጣን፣ ንድሕነትና ምስፍሑ እዩ። ካብ ጥንቲ ካብ ብሉይ ጀሚሩ ክሳዕ እዚ ዘለናዮ ናይ ሓድሽ ኪዳን ዘመን ፍሉይ ዝ ኾነ ናይ ጉስነት መድረኽ እናኸፈተ፣ እተን ኣባጊዕ ብጓሶተን ክሕለዋ፣ እቶም ጓሶትውን ነተን ኣባጊዖ ብምጕሳይ ክሕለዉን ክረብሑን፣ ክልተ ዝኣንፈቱ ረብሓታት ሂቡና። ብፍላይ ጐይታና ኢየሱስ፣ ካብዛ ምድሪ ናብ ሰማያት ናብ ኣቡኡ ንምዕራግ ይዳለወሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፣ ንሃዋርያቱ ዝሃቦ ሕድሪ ነዚ ዝ በልናዮ ቃል ዘርግኣልና ፍሉይ ሃይለ - ቃል እዩ። እቲ ናይ ምጕሳይ ሓላፍነት ናይ ጅምላ ዕዮ ዘይኮነስ ብውልቀ ሰብ ደረጃ ክለዓል ዘለዎ ሓላፍነት ምዃኑ ን ምግላጽ፣ ነቲ ምርኡይ ሃዋርያ ንስምኦን ወዲ ዮና (ንጴጥሮስ) እዩ ፈልዩ ነጊርዎ።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሃዋርያ ጴጥሮስ ፈልዩ ዝተዛረበሉ ምኽንያት ነቲ በሰላ ክሕደቱ ገና ዘይሃሰሰሉ ሃዋርያ ጴጥሮስን መጽሓፍ ቅዱስ ንዘንበቡ ብዙሓት የዋሃትን የሰክፎም እዩ። ጐይታና ክርስቶስ በቲ ሕድገት ዝረኸብናሉ በ ሰላ ናይ ሕሉፍ ሓጢኣትና ተጠቒሙ፣ ንናይ መጻኢ ኣገልግሎትናን ሓላፍ ነትናን ከም እንቕበል ኣይገብርን እዩ። ንመጻኢ ዝኸውን እኹል ጸጋ ስለ ዘለዎ ንድሕሪት ተመሊሱ ብውድቀትና ዝዓይየሉ ምኽንያት የብሉን። ንሱ ከ ምዚ ዝገበረ፣ ነቲ መተካእታ ዘይብሉ ዕዮ ኣምላኽ፣ ጕስነት፣ ብጅምላ ዘይኮነስ ብውልቀ ደረጃ ክንጾሮ ዝግብኣና ሓላፍነት ምዃኑ ንኽርእየና እዩ። ናብዚ ኣ ገልግሎት እዚ ዝድረኸና ቀንዲ ድርኺት፣ ካብቶም ኣብ ማእከልናን ኣብ መእ ድናን ዘለው ኣሕዋትን ኣሓትን ኣብሊጽና ንጐይታና እነፍቅረሉ ፍቕሪ ዘለና ምዃኑ ጥራይ እዩ። ነዛ ጸብለል ዝበለት ፍቕሪ ኣምላኽ እንተ ዘይለቢስናያ፣ ነቲ ሓለቓ ጓሶት መዚና ዘይብሉን ብሉጽን ፍቕሪ እንተ ዘየፍቂርናዮ፣ ነተን ንሱ ዘፍቅረን ህይወቱውን በጃ ዘሕለፈለን ኣባጊዕ ክነፍቅረን ማለት ዘበት እዩ። ስለዚ ድማ ነተን ኣባጊዕ ዘይነፍቅረን እሞ ኣብ ቅድሚ ተኹ ላ በጅኣን ደው ዘይን ብል እንተ ኼንና፣ ፍቕሪ ናይቲ ሓለቓ ጓሶት ዝኾነ ጐይታ ከም ዘይብልና ዘቃልዕ ጕሉሕ መርትዖ እዩ።



## ኣሰር ጕስነቱ ግን ኣይሰዓብናን!

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ እዚ ፍቕሪ እዚ ከም ዘለዎ ዘረጋገጸሉ ቅዱስ ሃዋርያ ጴጥሮስ፣ ነቲ ዝዓበየን ዘይትካእን ኣገልግሎት ክሀቦ ኣይተሰከፈን። ኣብቲ መጓሰ ዕያውትን ኣባጊዕን እየን ዘለዋ። ክልተ ዓይነት ኣገልግሎት ከኣ የ ድልየን። እቲ ሓደ ምብላዕ (ምቕላብ) ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ ከኣ ምሕላው እዩ። በጊዕ ዘድልያ ኹሉ ሂብካ እንተ ኣሰባሒካያ'ሞ ኣብ ደገ እንተ ሓደረት ድራር ተኹላ'ውን እንተ ኾነት እንታይ ዋጋ ኣለዎ? ነታ ብሕድሪ ዝተዋህበትካ በጊዕ ናብ ዋንኣን ናብ ደምቢኣን ዘይኮነስ ናብቲ ጨካን ተኹላ ስለ ዝመጠኻያ ብዘይጽምሉ ኣኸሊል ክስልመካ ዘይኮነስ፣ ንርእሰኻ ብዘሰክሕ መንገዲ ናብ እትጽምልወሉ፣ ናብቲ ሓለቓ ተዃሉ ዘለዎ ቦታ ከም ዝድርብየካ ኣይትዘንግዕ። እግዚኣብሄር ነቶም ልቦም ኣብ መጓሲኦም ዘንብሩ፣ ሃለዋት ኣባጊዖም ዝፈልጡ፣ ኣባጊዖም ዘይፍንዉ፣ ንጥዑያትን ንሕሙማት ዘቕልቡን ዝቕልቡን ጓሶት ዝኣ ተወለዎም ተስፋ ኣብ ቃል እግዚኣብሄር ብሰፊሑ ንረክቦ ኢና። ብመንጽሩ'ውን እተን ኣባጊዕ ብተዃሉ እናተዘርፋን ፋሕ እናበላን ርእዩ ስቕ ንዝበል፣ ነተን ዝ ተሰብራ፣ ዝጠፍኣ፣ ዝደኸማ ኣባጊዕ ንዘርስዕ፣ ነተን ጥዑያት ድማ ንዘይቅልበን ሕሱም ጓሳ ከመይ ጌሩ ፍድኡ ከም ዝሀቦ ኣስፊሑ ይገልጸልና እዩ (ም ሳ፣27፣23-24 ህዝ፣34፣1-10 ኤር፣23፣1-4 ዘካ፣11፣1-17)።

ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ናይ ጕስነት ነገር ኣብ ዓብይ ሓደጋ ወዲቑ፣ ተዃሉ ይትረፍ ብኻልእ ወገን ምሕኳር በቲ ቀንዲ ኣፍ ደገ ምእታው እኳ ዘየጸግም ኮይኑዎም ክትርኢ ከሎኻ ትፈርህ። ኣባጊዕ ዘመንና፣ ሰኣን ዝምህረን፣ ንድምጺ ናይ ተኹላ ካብ ድምጺ ናይቲ ሕያዋይ ጓሳ ምልላይ ስኢነን፣ እቲ ተኹላ ብስ መን ምስ ጸውዐን ደድሕሪኡ ክስዕባ፣ ንሱ ናብ ደምቢኣን ጥራይ ዘይኮነስ ን ሳተን ናብ ደምቢኡ ብጕያ ክኣትዋ ምርኣይ ህርመት ልብኻ ጠጠው ክሳዕ ዝ ብል ዘሰንብድ ሓደገኛ ተርእዮ እዩ። እቲ ልዕሊ ኹሉ ዘሕዝን ድማ፣ "እገለ እምበር ቆርበት በጊዕ ዝተኸድነ ተኹላ እዩ" ተባሂሉ ምስ ተነግረን "ክሳዕ ሕጂ ክነክስ ኣይረኣናዮን፣ ኩሉ ዘረብኡ ከም ናይ ኣባጊዕ እዩ፣ ዋላ እኳ ኣብቲ ኣ እጋሩ (ጽፍሩ) ኣብቲ ጭርኡ ናይ ተኹላ ዝመስል እንተ ኾነ ክሳዕ ሕጂ ግን ዝ በዝሕ ኣካሉ ንዓና ንኣባጊዕ ስለ ዝመስልሲ ምስኡን ናብኡን ምኻድ ኣይን ገድፍን ኢና፣ ናባና እንተ መጺኡ'ውን ክንቕበሎ ኢና።" ዝብል መልሲ ክት ሰምዕ ከሎኻ፣ እቲ ሓለቓ ጓሶት እንታይ ኮን ይብል ይሀሉ ኢልካ ትፈርህ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ እቶም ንኣባጊዕ ብሕድሪ ዝተቐበሉ ጓሶት፣ ኣባጊዕ ካብ ኢዶም ክምንጠላ እናረኣዩ፣ ዝበዝሓ ካብቶን ኣባጊዕ ምስ ተኹላ ዕርክነት ከም ዝለመዳ እናሰምዑ፣ ከጽቅጡ ተራእዮም። ዕዳ ደም ናይተን ኣባጊዕ ዝሕተቱ፣ ንሳቶም እቶም ጓሶት ደኣ እምበር እቲ ተኹላ ከም ዘይኮነ ዝዘንግዑ ይመስሉ። ነቲ ኣንጻር እቲ ስሕተት ዝህብዎ ትምህርቲ ሰሚዑ፣ እቲ ተኹላን እተን ዝተዘንግዓ ኣባጊዕን ዝህብኦ ድምጺ ኣሰቲቕዎም ክኸውን ይኽእል እዩ። ተኹላ ዝታለሉም በጊዕን ጓሳን እንተ ስኢኖም፣ ንመንፈስ ቅዱስ ከም ዝተጻረረ፣ ዘይርዱእ ዘይብሱል ስጋዊ ጓሳ ወይ በጊዕ ጌሮም ስለ ዝገልጽዎ፣ ኩሉ ዘረብኦም ከኣ ብጸርፍን ብመርገምን ስለ ዝስነ ብዙሓት ስኩፋት ጓሶት፣ ስሞም ዋላ ጸላኢ'ውን እንተ ኾነ ብጽቡቕ እምበር ብሕማቕ ከልዕሎ ስለ ዘይፈትዉ "ምእንቲ መጕጐ ትሕለፍ ኣንጭዋ" ብዝዓይነቱ መትከል ከጽቅጡ ይረኣዩ። እቲ ተኹላ ነየናይ ኣርእስቲ ናይቲ ማና እግዚኣብሄር ከም ዝበልዕ፣ ነየናይ ክፋል ናይተን ኣባጊዕ ከም ዝብህግ፣ ነተን ኣባጊዕ ድማ ብኸመይ መንገዲ ከም ዘዐሽወን ንምፍላጥ ኣይህንጠዩን እዮም። ምኽንያቱ ድማ እቲ ምፍላጥ ብዙሕ ጾር ስለ ዘሰክሞም እዩ። እቲ ሓለቓ ጓሶት ግን "እቲ ኣባጊዑ ዝፍኑ ዘይጠቅም ጓሳ ወይልኡ።" ከም ዝበለ ክዝንጋዕ የብሉን (ዘካ፥11፥17)።

## *ተጠንቀቑ!*
## *ናይ ጐይታ ቀንዲ መልእኽቲ*

ጐይታ ድሕሪ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ዝፈጸሞ ጥምቀትን ድሕሪ ብድያብሎስ ዝተፈተኖ ሓያል ፈተናን፣ እታ ቀዳመይትን ዝሓየለትን ብናይ ከረን ስብከት እትፍለጥ መልእኽቱ ሃበ። ብናይ ብጽእና ኣርእስቲ ዝጀመረ መልእኽቱ "ተጠንቀቑ" ብምባል እዩ ዛዚምዎ። ገና ካብ መጀመርትኡ ከጠንቅቐና ምጅማሩ፣ ክብደት ናይቲ ስምዕታ እዩ ዘርእየና። "ካብ ነብያት ሓሶት ተጠንቀቑ፣ ብውሽጦም ዝምንጥሉ ተኹላ ክነሶምሲ፣ ክዳን ኣባጊዕ ተኸዲኖም እዮም ዝመጹኹም። ብፍሪኦም ክትፈልጥዎም ኢኹም።..." እዩ ዝበለ (ማቴ፥7፥15,16)። ካብዚ ኣበሃህላ ናይ ጐይታና ተበጊስና፣ እተን ኣባጊዕ ነቶም ተኹላ ብትርኢቶም ወይ ብደጋዊ ነገሮም ከለልይኦም ከም ዘይክእላ ኢና እንርዳእ። ክሳዕ ክንድዚ ከታልልወን ስለ ዝኽእሉ ድማ ንምልላዮም ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ናብ ፍሪኦም ደኣ እምበር ናብ ትርኢቶም ጥራይ ምርኣይ ከም ዘይኣክል ኣጠንቂቑና እዩ።



"ብፍሪኦም ክትፈልጥዎም ኢኹም" ክብለና ከሎ በቲ ዝገብርዎ ትእምርትን ተኣምራትን ዝበለ ክይኑ ዝሰመዓና ውሑዳት ኣይኮንናን። ትእምርትን ተኣምራትን ናይ ሰብ ፍረ ኣይኮነን። ልዕለ-ተፈጥሮ ብዝኾነ ሓይሊ ደኣ እምበር ብሰብ ዝግበር ፍጻሜ ኣይኮነን። ስለዚ ብፍሪኦም ክንብል ከሎና እቲ ከም ውልቀ ሰባት ኣብ ማሕበራዊ ህይወቶም ዘርእይዎ ፍረ ማለት እዩ። ትእምርትን ተኣምራትን እሞ ሰይጣን'ውን ክገብሮ ከም ዝኽእል ቃል እግዚኣብሄር ኣነጺሩ እዩ ዝገልጸልና። እዚ ዝስዕብ ጥቕስታት ብምንባብ ነስተውዕል። (ዘጸ፥7፥11,22፤ ዘጸ፥8፥7፤ ማቴ፥7፥22፤ ራእ፥16፥14፤ ራእ፥19፥20)

*ማር፥13፥1-6,22,23፦* ኣብ ቤተ መቕደስ ምስ ወጸ ድማ፣ ሓደ ካብ ደቀ መዛሙርቱ፣ መምህር፣ "ከመይ ዝበለ ኣእማንን ከመይ ዝበለ ህንጻንማ ርኤ" በሎ። ኢየሱስ ድማ፣ "ነዚ ዓብዪ ህንጻ ትርእዮ ኣሎኻ? ዘይፈርስ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒ ኣይኪተርፍን እዩ፣" ኢሉ መለሰሉ። ኣብ ደብረ ዘይቲ ኣብ ማዕዶ ቤተ መቕደስ ተቐሚጡ ከሎ ጴጥሮስን ያእቆብን ዮሃንስን እንድርያስን ብሕቲ ኢሎም፣ "እስኪ ንገረና፣ እዚ መኣስ ኪኸውን እዩ? እዚ ኹሉ መኣስ ከም ዝፍጸምሲ፣ ትእምርቱ እንታይ እዩ?" ኢሎም ሓተትዎ። ኢየሱስ ከኣ ኪብሎም ጀመረ፣ "ሓደ እኳ ከየስሕተኩም ተጠንቀቑ። ብዙሓት 'ኣነ እየ' እናበሉ ብስመይ ኪመጹ እዮም እሞ፣ ንብዙሓት ከኣ ኬስሕቱ እዮም። .... ናይ ሓሶት ክርስቶሳትን ናይ ሓሶት ነብያትን ኪትንስኡ እዮም እሞ፣ እንተ ተኻእሎምሲ ነቶም ሕሩያትውን ኬስሕቱ፣ ትእምርትን ተኣምራትን ኪገብሩ እዮም። ንስኻትኩም ግና ተጠንቀቑ። እንሆ ኣቐዲመ ኵሉ ነገር ከኹም።"

*ራእ፥13፥13-15፦* "ኣብ ቅድሚ ሰብሲ ሓዊ እኳ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ክሳዕ ዜውርድ፣ ዓበይቲ ትእምርቲ ይገብር። ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩውን፣ ነቲ ብሰይፊ ተወቒዑ ዝቖሰለ እሞ ዝሓወየ ኣራዊት፣ ምስሊ ኺገብሩሉ እናበለ፣ በቲ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣራዊት ኪገብሮ እተዋህቦ ትእምርትታት፣ ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩ የስሕቶም ኣሎ። ምስሊ እቲ ኣራዊት ምእንቲ ኺዛረብን፣ ነቶም ንምስሊ እቲ ኣራዊት ዘይሰገዱ ዘበሉ ኹላቶም ምእንቲ ክቕትሎምን ከኣ ንምስሊ እቲ ኣራዊት ትንፋስ ኪህብ ተዋህቦ።"

2ተሰ፡2፡3-10፡- "ቅድም ክሕደት ከይከነ፡ እቲ ርእሱ ኣምላኽ ምዃኑ እናኣርኣየ፡ ኣብ መቕደስ ኣምላኽ ክሳዕ ዚቕመጥ፡ ኣምላኽን ቅዱስን ኣብ ዚብሃል ዘበለ ዚትንስእን ዚዕበን ሰብኣይ ዓመጻ፡ እቲ ወዲ ጥፍኣት፡ ከይተገልጸ፡ እታ መዓልቲ እቲኣ ኣይትመጽእን እያ እሞ፡ ብገለኹ እንተ ኾነ ሓደ እኳ ኣየስሕትኩም። ኣነ ገና ምሳኻትኩም ከሎኹ፡ እዚ ኸም ዝነገርኩኹም፡ ኣይትዝክርዎን ዲኹም? ንሱ በቲ ግዚኡ ምእንቲ ኺግለጽሲ፡ እቲ ሕጂ ዚኽልክሎ ዘሎ ትፈልጥዎ ኣሎኹም። ምስጢር ምፍራስ ሕግስ እቲ ሕጂ ዚኽልክሎ ዘሎ ጥራይ ካብ ማእከል ክሳዕ ዚጽረግ እዩ ድሮ እኳ ይዓዪ ኣሎ፡ እቲ መፍረስ ሕጊ ድማ ሽዑ ኪግለጽ እዩ። ንእኡ ጐይታና ኢየሱስ ብመንፈስ ኣፉ ገይሩ ከጥፍኦ፡ ብምግላጽ ምጽኣቱውን ከንቱ ኪገብሮ እዩ። እቶም ዚጠፍኡስ ንምድሓኖም ዚኸውን ፍቕሪ ሓቂ ስለ ዘይተቐበሉ፡ ንኣታቶም ናይ እዚ ኣመጻጽኣ ብዅሉ ጥበራ ዓመጻ፡ ብዅሉ ሓይልን ትእምርትን ተኣምራት ሓሶትን ብሓይሊ ሰይጣን እዩ ዚኸውን።"

ነዚ ሓቂ እዚ ንምግላጽ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝተጠቐመሉ ቃል ኣገዳሲ እዩ። "ከምዚኣቶም ዝበሉ ሰባት ከኣ ሃዋርያት ሓሶት፡ ዝጥብሩ ዓየይቲ፡ ርእሶም ንሃዋርያት ክርስቶስ ዘምስሉ እዮም። ሰይጣን እኳ ንርእሱ ንመልኣኽ ብርሃን የምስል እዩ'ሞ፡ እዚ ኣየገርምን እዩ። ስለዚ ከኣ እቶም ኣገልገልቱ ንርእሶም ነገልገልቲ ጽድቂ እንተ ኣምሰሉ፡ ዓብዪ ነገር ኣይኮነን፡ መወዳእትኦም ግና ከም ግብሮም ክኸውን እዩ።" ዝበሎ ቃል ማዕረ ክንደይ ኸንጥንቀቕ ዘገብር ሓያል ድርኺት ዘለዎ ቃል ምዃኑ ብሩህ እዩ (2ቈረ፡11፡13-15)። ስለዚ ሰይጣን ምእንቲ ከይብለጸልና፡ ንውዲቱ ክንስሕት ከም ዘይብልና ቃሉ ምዒዱና እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና፡ ኣብ ብሉይ ኮነ ኣብ ሓድሽ ኪዳን፡ ካብ ሓሰውቲ ነብያትን ካብ እኩያት ዓየይትን ክንጥንቀቕ ዝሕብረና ጥቕስታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ብፍላይ ድማ ጐይታ ኢየሱስን ቅዱሳት ሃዋርያትን ኣብ መልእኽቶም ደጋጊሞም ጽሒፎሙልና እዮም። እቲ ኣብ ዘመንና ኣዝዩ ዘሕዝን ጉዳይ ግን፡ "ካብ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ካብ ሓሰውቲ ነብያት፡ ካብ ዝምንጥሉ ተዃሉ ተጠንቀቑን ተሓለውን" ዝብል መልእኽቲ ንነዊሕ ዓመታት ዝኣክል ኣብ መድረኽ ኣብያተ ክርስትያን ፈጺሙ ተሰቢኹ ዘይፈልጥ ምዃኑ እዩ። እዚ ድማ ነቲ ተኾ-



ላ ኣብ ኣብያተ ክርስትያን ተኾርምዩ ዘይኮነስ ኣሳፊሑ ክሰርሕ ኣኽኢልዎ እዩ። ንምንታይ እዩ ሎሚ ኣብያተ ክርስትያንን ኣገልገልተንን ነዚ መልእኽቲ እዚ ዝፈርህዎ ዘለዉ? ንምንታይከ ነቲ ዝሰዕቦም ህዝቢ ዘይተመጣጠነ ምግቢ ብምምጋብ ናብ ዘይተደላዩ ሕማም ዘቃልዕዎ ዘለዉ? እዚ ኣዝዩ ዘተሓሳስብን ዘሻቕልን ጉዳይ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብዙሕ ምኽንያት ክህሉ ዝክኣል እዩ።

ሓደ ካብቲ ምኽንያት ብዛዕባ እቶም ኣገደስቲ ኣርእስትታት፡ ናይ ቤተ ክርስትያን መሰረተ-እምነት (ዶክትሪን) ዘይምፍላጥን ዘይምስትምሃርን እዩ። መሰረተ-እምነት ደረቕ ሓቂ ከም ዝኾነ ከም ዘይባርኸካ ጌርካ ምርኣይ፡ ኣብ ኣገልገልቲ ሓሊፍዎስ ኣብ ተገልገልቲ ከይተረፈ ዝንጸባረቕ ርድኢት ኮይኑ ኣሎ። መሰረተ-እምነታ እንታይ ከም ዝኾነ ዘይትፈልጥ ነፍስን መሰረተ-እምነታ ዘይትምህር ቤተ ክርስትያንን፡ ከም መልሕቕ ዘይብላ መርከብ እዮም ዝቑጸሩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ኣመልኪቱ፡ ኣብ ኤፌ፡4፡11-15 ከምዚ ብምባል ጽሒፉ ኣሎ፡ "ኩላትና ናብ ሕብረት እምነት፡ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፡ ናብ እኹል ሰብኣይ፡ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ክሳዕ እንበጽሕ፡ እቶም ቅዱሳን ነቲ ግብሪ ኣገልግሎት ንምህናጽ ስጋ ክርስቶስ ምሉኣት ምእንቲ ክኾኑ ኢሉ ንሱ ገሊኦም ሃዋርያት ገሊኦም ድማ ነብያት፡ ገሊኦም ከኣ ወንጌላውያን፡ ገሊኦምውን ጓሶትን መምህራንን ክኾኑ ሃበ። ድሕሪ ሕጂ ንሕና በቲ ካብቲ ብምጥባር ሰብን ንምፍሓስ ስሕተት ዝኸውን ተንኮልን ዝመጽእ ናይ ትምህርቲ ኩሉ ንፋስ ንየው ነጀው እንድፋእን እንኽብከብን ቈልዑ ምእንቲ ከይንኸውንሲ፡ ብፍቕሪ ንሓቂ እናሰዓብና፡ ናብቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ንዕበ።" ካብዚ ጥቕሲ እዚ ከም እንግንዘቦ፡ እቲ ናብ ጥፍኣት ከም እንኽብከብን እንድፋእን ዝገብር ናይ ትምህርቲ ንፋስ ብኸልተ መንገዲ ከም ዝመጽእ ይሕብረና። እቲ ቀዳማይ ብምጥባር ሰብ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ንምፍሓስ ስሕተት ብዝኸውን ተንኮል እዩ። በዚ ዝዓይነቱ ጥበራን ተንኮልን ዝስሕቱ እቶም ብእምነቶምን ብፍልጠቶምን ቈልዑ ዝኾኑ ሰዓብቲ ጥራይ እዮም። ጐይታ ግን ብኸምዚ ዝዓይነቱ ቍልዕነት እናተሸገርና ምእንቲ ከይንነብር፡ ኣቐዲሙ ሓልዩልናን ተጠንቂቑልናን እዩ። ናብ ምሉእ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፡ ናብ እኹል ሰብኣይ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ምእንቲ ክንበጽሓና፡ ንቅዱሳን ኣገልገልቱ ንስጋ ክርስቶስ (ንቤተ ክርስቲያን) ንምህናጽ ዘኽእሎም ብቕዓት ኣልቢስዎም እዩ። ስለዚ ድማ ንገሊኦም ሃዋርያት ንገሊኦም ነብያት ንገሊኦም ወንጌላውያን ንገሊኦም

ጓሶትን መምህራንን ገበሮም። ስለዚ ናይ ዘመንና ቤተ ክርስትያን፣ ከምታ ጥንታዊት ቤተ ክርስትያን በዚ ዝዓይነቱ ኣገልግሎት ንምእመናና ክትሃንጽ እንተ ዘይክኢላ ብቑልዑ ዝመልኣትን ብንፋስ እትሳኻዕን ኮይና እያ እትነብር። ስለዚ ኣብ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን ዝሰረት መሰረታዊ ትምህርትን ጕስነትን ንነፍሲ ወከፍ ኣማኒ የድልዮ ከም ዘሎ ኣይንዘንግዕ።

መሰረተ-እምነት (ዶክትሪን) ከምኡ ውን ኣብ መንጎ እምነትካን ካልእ እምነታትን ዘሎ ፍልልይ ምምሃር፣ ኣብ መንጎ ሃይማኖታት ብርቱዕ ምፍልላይ ንምፍጣር ኢልካ ዝግበር ዝመስሎም ሰባት ብዙሓት እዮም። እቲ ፍልልይ ዋላ ብውሽጦም እናፈለጥዎ፣ ብኣፍ ስለ ዘይተዘርበ ጥራሕ ዘየለ ኮይኑ እናተሰምዖም ነፍሶም ዝጥብሩ ብዙሓት እዮም። ኣብዚ ከነስተውዕሎ ዘሎና ግን ብዛዕባ እምነትካን እምነት ካልኣትን ምፍላጥ፣ ክትጋገዮ ካብ እትኽእል ዘይተደላዪ ጌጋ ዝዕቅበካ ጠቓሚ ስጉምቲ እዩ።

ሓደ ካልእ ከነስተውዕሎ ዘለና ሓቂ ድማ ስሕተት ንመጀመርታ ጊዜኡ ክመጽእ ከሎ፣ በቲ ቀዳማይ ኣጀንድኡ ከም ዘይመጽእ እዩ። እታ ክትተኣታቶ ዝተደልየት ስሕተት ቅድሚ ምትእትታዋ ኣቐዲሙ፣ ካልእ ምምስሳላት እዩ ዘብዝሕ። ተኸላኒቱ ዝኸውለሉ ቆርበት በጊዕ ተኸዲኑ፣ እተን ኣባጊዕ ዝበዝሕ ስክፍትኣን ዘርሕቓሉ ኣገባብ ኣካይዳ እዩ ዝኸይድ። እቲ ህዝቢ ፈውስን ተኣምራትን ከም ዝናፍቕ፣ ውዕዉዕ፣ ስምዒትካ ዘፋስስ፣ ኣእምሮኻ ዝሓጽብ (Brain wash ዝገብር) ኣምልኾታት እናኣዳለወ፣ ሰባት ኣብ መንጎ ስምዒታውነትን መንፈሳውነትን ዘሎ ፍልልይ ምልላይ ስኢኖም ናብ ዘይክውንነታዊ ህሞት ከም ዝኣትው ይገብር። ስለዚ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣእምሮኻን መንፈስካን ከም ዝግባእ ክመዝነሉ ኣብ ዘይክእል ደረጃ፣ እቲ ስውር መርዚ ብጥበብ ክዝራእ ይጅምር። ነዚ መርዚ እዚ ብምድግጋም ሰባት ክሳዕ ዝለማመድዎ እሞ ከም ምቁር መግቢ ክሳዕ ዝቕበልዎ እዚ ንምፍሓስ ስሕተት ዝኸውን ተንኮል ይቕጽል። ስለዚ ነቶም ነቲ ስሕተት ከም ሳንድዊች (እምበቲቶ) ኣብ ማእከሎም ሓቝፎም (ሓቢኦም) ዘለው መንፈሳውነት ዘለዎም ዝመስሉ ንጥፈታት ኣቐዲምና ከነስተውዕለሎም ይግባእ ማለት እዩ።

ተኣምራት ጥራይ ከም ናይ ሓቅነት መለለዪ ጌርካ ምውሳድ ዘይመጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣረኣእያ እዩ። እቶም ኣብ ማቴዎስ 7 ተጠቒሶም ዘለው ገበርቲ ተኣምራት፣ ጐይታ "ገበርቲ ዓመጻ" ምዃኖም እዩ ኣቃሊዕዎም። ስለዚ እቲ ግብሪ ዓመጻ፣ በቲ ዘርእይዎ ዝነበሩ ግብሪ ሓይሊ ተኸዊሉ (ተሓቝፉ) ንሰባት ገበርቲ ጽድቂ ይመስልዎም ነይሮም። ነቲ ሕቡእ ዘይሕብእ ኩሉ ዝፈልጥ



ጐይታ ግን ክጥብርዎ ኣይከኣሉን እዮም።

"ናይ ምግላጽ ፍልጠት" (Revelation knowledge) ዝብል ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወጻኢ ዝኾነ ኣበሃህላታት እናተጠቐሙ ውን የታልሉ እዮም። ፍሉይ ጸጋ ናይ ምግላጽ ከም ዘለዎም ብፍሉይ ዝምስክረሎም፣ ካብ ኢየሱስ ንላዕሊ ዝሰበኸሎም ሰባት ኣብቲ ምንቅስቓስ ብርክት ዝበሉ እዮም። ንሰዓብቶም፣ ኢየሱስ ዝበሎ ቃል ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣውጺእካ ካብ ከተእምኖም፣ እቲ ምርኡይ ሰቦም "ብምግላጽ ረኺበዮ" ዝበሎም ዋላ ምስ መጽሓፍ ቅዱስ ዝጻረር ቃል ምእማን ይቐልሎም። ብፍላይ እቶም ኣብ ስግር ባሕሪ ዘለው ምንጪ ናይዚ ስሕተት እዚ ምዃኖም ዝንገረሎም ሰባት፣ ምስ ኢየሱስ ወይ ምስ እግዚኣብሄር ኣብ ሓደ ኩርሲ ኮፍ ኢሎም መዓልታዊ ከም ዘዕልሉ፣ በቲ ኣብኡ ሰሚዕናዮ ዝብልዎ ቃል ድማ ዓይኖም ከይሓሰዩ ንህዝቢ ከታልሉ ይረኣዩ። ነቲ "ናይ ኣምላኽ ሰብ" ወይውን "ቅቡእ እግዚኣብሄር" ኢሎም ብድፍረት ርእሶም ዝሰምዩሉ ቃል፣ ሰባት ንመልእኽቶም ብዘይ ዝኾነ ሕቶ ኣሚን ኢሎም ንኽቕበልዎም ዘፈራርሁሉ ስያሜ እዩ። "ንቅቡኣተይ ኣይትተንክይዎም" ዝብል ቃል ካብቲ ዓውዱ-ንባብ (Context) ዘንጢሎም እናውጽኡ ኣብ ዘይመዓልኡ የውዕልዎ። ኣብ ዘረብኦም ኮነ ኣብ ተግባሮም ዝኾነ ደኺን ቅኑዕ ሕቶ ንዘልዓለ ኩሉ ኢዱ ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄር ከም ዘልዓለ ጌርካ ብምድሃል የምበርክኽዎ።

እዚ እምነት እዚ ኣብ ቅድሚ ቃል እግዚኣብሄር፣ ከም ሓሰር ኣብ ቅድሚ ሓዊ እዩ። ብቓል እግዚኣብሄር ተፈቲኑ ምስ ዝምመ እቲ መላእኽቲ ኣብ ሰማያት፣ ሰባት ድማ ኣብ ገነት ኤድን ዝሰሓቱሉ ዝኸፍኣ ክሕደት ምዃኑ ምግንዛብ ኣየጸግምን እዩ። እንተ ኾነ ኣብያተ ክርስትያን ነዚ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ኣብ ምምካት ዘርእይኦ ዘለዋ ዝሕታለ፣ ብዘሰምብድ ቅልጣፈ ካብ ኣስመራ ክሳብ ኩሉ ወሰን ኤርትራ ክሰፍሕ ረዲኤዎ ኣሎ። ቤተ ክርስትያን ብዛዕባ እቶም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ሓቅታት ክርስትና ንነፍሲ ወከፍ ምእመን ብዕምቈት እንተ ምሂራ፣ ሰባት ኣንጻር እዚ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ማዕበላት ጸኒዖም ደው ዝብሉሉ ውሑስ መድረኽ ክትፈጥር ምዃና ክትዘንግዕ ኣይግባእን።

# ሓለውቲ መጓሰ መምህራን እዮም

*ኤር፤6፤16-21* ፦ "እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፤ ኣብ ጐደናታት ደው ኢልኩም ተመልከቱ፤ እቲ ጥንታዊ መገድታት፤ እቲ ጽቡቕ ጐደና ኣየናይ ምዃኑ ሕተቱ እሞ ብእኡ ተመላለሱ፤ ሽዑ ንነፍስኹም ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም። ንሳቶም ግና፤ ኣይንመላለሰሉ ኢና፤ ኢሎም መለሱ። ኣብ ደሃይ መለኸት ኣድህቡ፤ ዝብልኹም ሓለውቲ ሸይመልኩም ነይረ። ንሳቶም ግና፤ ኣይነድህብን ኢና፤ በሉ። ስለዚ ኣቱም ኣህዛብ፤ ስምዑ፤ ኣቱም ማሕበር፤ እቲ ዝመጾም ዘሎ ፍለጡ። ኣቲ ምድሪ፤ ስምዒ፤ ኣብ ቃላተይ ኣየድህቡን፤ ንሕገይ ከኣ ደርብዮምዎ እዮም እሞ፤ ኣብዚ ህዝቢ እዚ መዓት ከምጽእ እየ፤ ንሱ ኸኣ ፍረ ሓሳቦም እዩ። እቲ ዕጣን ካብ ሳባ፤ ምኡዝ ቃንጫ ኸኣ ካብ ርሑቕ ሃገር ዝመጽእ እንታይ ግዱ ኣሎኒ? እቲ ዝሓርር መስዋእትኹም ባህ ኣየብለንን፤ መስዋእቲ ሕሩድኩምውን ኣየብህገንን እዩ። ስለዚ፤ እንሆ፤ ኣብ ቅድሚ እዚ ህዝቢ እዚ እምኒ መዓንቀፊ ኣንብር ኣሎኹ፤ ኣብኡ ኸኣ ኣቦታትን ውሉድን ኪዕንቀፉ፤ ጐረቤትን ዓርኩን ሓቢሮም ክጠፍኡ እዮም፤ ይብል እግዚኣብሄር።"

ኣብዚ ጥቕሲ እዚ ከም ዘንበብናዮ፤ ነቲ ጥንታውን ጽቡቕን መንገድታት ኣይንመላለሰሉን ኢና ኢሎም ዝኣብዩ ዘለው፤ እቶም ንእግዚኣብሄር ዘይፈልጡ ኣረማውያን ሰባት ኣይኮኑን። ብኣንጻሩ እቶም ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ከቕርቡ ደልዮም ዝመጹ ሰባት፤ ዕጣን ናይ ዓዶም ብዓይነቱ ዘየዕግብ ኮይኑዎምሲ ካብ ርሑቕ ሃገር ዕጣንን ምኡዝ ቃንጫን ኣምጺኦም ክስውኡ ዝሃቀኑ ኣመንቲ እዮም ዝነበሩ። ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ንኽስውኡ ዝሃቀኑ ሰባት፤ በቲ ጽቡቕን ጥንታውን ጐደና ክመላለሱ እንተ ተነግሮም እምቢ ኣይንመላለሰሉን ኢሎም ኣበዩ። "ንደሃይ መለኸት ኣድህቡ" ዝብሉ ሓለውቲ ተሸይሞምሎም ከለው እምቢ ኣይነድህብን ኢሎም ኣበዩ። ደሃይ መለኸት ዝንፋሕ ናይ ጸላኢ ሓደጋ ኣብ ዘንጸላለወሉ ጊዜ እዩ። ከምዚ እቲ ጽሑፍ ዝገልጸልና ዘሎ፤ እዚም ሰባት እዚኣቶም ንኽትርድኦ ዘጸግም ዘደናግር ህይወት እዩ ዘለዎም። "ኣምልኾ" ይፈትዉ፤ ነቲ ናብቲ ሰማያዊ ዓዲ ዘእቱ መንገዲ ግን ክመላለሱሉ ኣይፈትዉን እዮም። እቲ መንገዲ'ቲ ሓቲትካ ደኣ ኣየናይ ምዃኑ ይፍለጥ እምበር ሱቕ ኢልካ ብኸምኡ ከም ዘይልለ እዩ እቲ ጽሑፍ ዝሕብረና ዘሎ። ሓቲትካ ምፍላጥ ዘድለየሉ ምኽንያት ከኣ ካልእ ምስቲ ጽቡቕ ጐደና ተመሳሳሊ ዝኾነ ከደናግር ዝኽእል ኣማራጺ መንገድታት ስለ ዘሎ እዩ። ጐይታ'ውን ክልተ መንገድታት ከም ዘሎ፤ እቶም ዝበዝሑ ሰባት ካብ ነታ ቅንዕቲ ቀጣን መንገዲ፤ ነታ ዘይቅንዕቲ ገፋሕ መንገዲ ምምራጽ ከም ዝቐልሎም ተዛሪቡ እዩ (ማቴ፤7፤13-14)።



ከምቲ ኣብ ኢሳ፤30፤19-22 "እቲ ህዝቢ ኣብ ጽዮን ኣብ የሩሳሌም ክነብር እዩ እሞ፤ ድሕርዚ ኣይክትበክን ኢኻ፤ ምስ እተእዊ ብርግጽ ጸጋ ክህበካ እዩ፤ ክሰምዕ ከሎ ከኣ ክመልሰልካ እዩ። እግዚኣብሄር እንጌራ ጸበባን ማይ ጭንቀትን ክህበኩም እዩ፤ ኣዒንትኻ ግና መምህራንካ ክርእያ እየን እምበር፤ ደጊምሲ መማህራንካ ኣይክስወሩን እዮም። ንየማን ወይስ ንጸጋም እንተ ኣግለስኩም ኣእዛንካ፤ እዚኣ እያ እታ መንገዲ፤ ብኣኣ ተመላለሱ፤ ዝብል ቃል ኣብ ድሕሬኻ ክሰምዓ እየን። ነቲ ናይ ቅርጺ ምስልታትካ ተለቢጥዎ ዘሎ ብሩርን፤ ነቲ ናይ ፍሲ ምስልታትካ ተለቢጥዎ ዘሎ ወርቅን ከተርክሶን ከም ርኹስ ነገር ክትጉሕፎን፤ ወጊድ ካብዚ ውጻእ፤ ክትብሎን ኢኻ።" ዝብል ጥዑም ቃል ተጻሒፉ ዘሎ፤ እግዚኣብሄር ንህዝቡ ዝህቦ ዝዓበየ ጸጋ፤ ጽቡቕን ጥንታውን መንገዲ ዝሕብሩ መማህራን ብምሃቡ እዩ። እግዚኣብሄር ንህዝቡ ከም ዝሓደጎ እንፈልጥ ድማ መንገዲ ኣምላኽ ዝምህሩ መምህራን ክስወሩ ከለው እዩ። ንእስራኤላውያን ካብ ዝበጽሖም ከበድቲ ሽግራት ሓደ እዚ ምንባሩ፤ ኣብ 2ዜና፤15፤3 "እስራኤል ነዊሕ ዘመን ብዘይ ኣምላኽ ሓቅን ብዘይ መሃሪ ካህንን ብዘይ ሕግን ነበሩ።" ብምባል ይገልጸልና።

ስለዚ ናይዞም ኤርምያስ ዝዛረበሎም ዘሎ ህዝቢ ጸገም ድማ ደሃይ መለኸት (ትምህርቲ) ሂቦም ክሕልውዎም ንዝተሸሙ መማህራን እምቢ ኣይንሰምዕን ኢሎም ምዕማጾም እዩ። ነዞም ሓለውቲ (መማህራን) እዚኣቶም እግዚኣብሄር ምስ ዝሰውሮም እንታይ ከም ዝስዕብ ገሊጹሎም እዩ። እቲ ዝስዕቦም ድማ ፍረ ሓሳቦም ዝኾነ መዓት እግዚኣብሄር እዩ። ካብ ስሕተት እንተ ተሓሎና እቲ ረብሓ ንዓና እምበር ንኣምላኽ ኣይኮነን። ነቲ ቀንዲ መልእኽቲ እንተ ዘይተኣዚዝና ዝወርደና መዓት፤ እቲ እምኒ መዓንቀፊ እንተ ወዲቕናዮ ክሰብረና፤ እንተ ወዲቑና ድማ ክጭፍልቐና ምዃኑ እዩ። እቲ ነቲ "ተመላለሱሉ" ዝብል ቃል ዝተኣዘዘ ህዝቢ እንታይ ከም ዝረክብ ግን ኣብቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ናይ ኢሳይያስ ትንቢት (ኢሳ፤30፤23-26) ከምዚ ብምባል ኣነጺሩ ገሊጽዎ እዩ። "ንሱ ኸኣ ነቲ ኣብ ምድሪ ዝዘራእካዮ ዘርኢ ዝናብ ክህብ፤ ካብቲ ምድሪ ዝርከብ እንጌራ ድማ ጥዑምን ኣኽል-ታርፍን ክኸውን እዩ፤ በታ መዓልቲ እቲኣ ማልካ ኣብ ርሒብ ሽኻታት ክጓሰያ እየን። እቶም ንምድሪ ዝሓርሱ ኣብዑርን ጻዕባትን ከኣ

ብመስኤን ብሰፍእን ዝጸረየ ጨው ዝጥዕም ድርቂ ክበልዑ እዮም። በታ
ግምብታት ዝወድቁላ ዓባይ መዓልቲ ቅትለት ከኣ ኣብ ኩሉ ነዋሕቲ ኣኽራንን ኣ
ብ ኩሉ በረኽቲ ኵድኵዶታትን ርባታትን ወሓይዛትን ክኸውን እዩ። በታ
እግዚኣብሄር ንመስበርቲ ህዝቡ ዝዝንነላ፣ ንቁስሊ መውቃዕቱ ዘሕውየላ መዓልቲ
ከኣ እቲ ብርሃን ወርሒ ከም ብርሃን ጸሓይ ክኸውን፣ ብርሃን ጸሓይ ድማ ሾብዓ
ተ ዕጽፊ ከም ብርሃን ሾብዓተ መዓልቲ ክኸውን እዩ።"

ካብዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብያ እንሕለወሉ ብቑዕ ምኽንያት ድማ ንሕና ኢ
ና። ምእንቲ እግዚኣብሄር ኢልና ዘይኮነስ ምእንቲ ርእስና ኢና ክንጥንቀቕ።
ናይዚ ዘለናዮ ዘመን መንፈሳዊ ወለዶ'ውን ነቲ ኣብ ዘመን ኤርምያስ ዝነበረ
ወለዶ እዩ ዝመስል። "እግዚኣብሄር ይምለኽሉ እዩ" ናብ ዝበሃል ኣደራሻት ከም
ውሒዝ ይውሕዝ፣ ቦታ ንምሓዝ ይቀዳደም፣ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ኢዱ ኣን
ጠልጢሉ ይጐዪ። ዘምር ወይ ጸልይ ክበሃል ክሎ ቀልቡ ክሳዕ ዝስሕት
ይጭድር። ኣብ ጉባኤታት የማን ጸጋም ይሻኻዕ፣ እንተ ኾነ ነቲ ጥንታዊ ነብ
ያትን ሃዋርያትን ዝነደቕዎ፣ ክርስቶስ ዝሰረቶ መንገዲ ግን ክመላለሰሉ ኣይፈቱን
እዩ። ዘመናውያን ብዝኾኑ፣ ንርእሶም ሃዋርያት ብዘምስሉ ሰባት ዝተሰነዐ፣ ነቲ
ጥንታዊ ጽቡቕ ጐደና ዝመስል፣ ብዓይኒ ሓቂ ግን ናይቲ ዝተደርበየ ጥንታዊ
ተመን መንገዲ ተሓንጺጹሉ ብዘይ ምምርማር፣ "እቲ ጽቡቕን ጥንታውን
ጐደናታት ኣየናይ እዩ?" ኢሉ ሰኣን ምሕታቱ ኣብቲ እምኒ መዓንቀፊ
እናወደቐ ይስበር ኣሎ፣ ኣብ መወዳእታ እቲ እምኒ እቲ ምስ ወደቖ ከኣ
ክጭፍልቖ እዩ። ሎሚ "ንዓ እዚ እትኸዶ ዘለኻ መንገዲ ቅኑዕ ኣይኮነን።" ዝ
ብል ድምጺ ወይ ጽሑፍ እንተ ሰሚዑ ካብ ኣድሂቡ ሓቲቱ ዝመሃር ብቑንዱ
"እምቢ ኣየድህብን ኣይመላለሰሉን" ምባል ኣብ ዝቐልሎ ትውልዲ ማእከል ን
ነብር ኣሎና።

ቅድሚ ሕጂ ንስም ክርስቶስ ዘቃልል ቃላት ክስማዕ ከሎ ኣማኒ ህዝቢ
ብዙሕ ክስምብድን ክንቀጥቀጥን ይርአ ነይሩ። እዚ ድማ መለክዒ መንፈሳውነት
ናይቲ ህዝቢ እዩ ነይሩ። ብዛዕባ እግዚኣብሄር ዝነበሮ ፍርሃት ዘረጋግጽ መርትዖ
እዩ ነይሩ። ሎሚ ግን "ሰብ መሰታ ኣምላኽ ክኸውን ይመጣጠር ኣሎ፣ ንክርስ
ቶስ ድማ ኣብ መስቀል ተሳዒሩ ይብሉ ኣለው።" ዝብል ድምጺ ሰሚዑ፣ ካብ ን
ጥብቅና ናይ ስም ኢየሱስ ደው ክብል፣ ብዛዕባ እቶም በሃልቲ ገለ ቃላት ኻኸ
የውስእ ነግ ፈረግ ክብል፣ ብኣንጻሩ "ገለ ዝተገልጸሎም ዝበጽሕዎ ነገር ይህሉ
ይኸውን" ወይ'ውን "ከምዚ ማለቶም ይኸውን" እናበለ ስጋእ መጋእ ክብል፣ መን



ፈሳዊ ኣምዑቱ ፈሲሉ ከም ዝፈሰሰ ትብዓት ስኢኑ ክትርኢ ከለኻ፣ ኣብዚ ወለዶ
እዚ ካብ ኢድ ኣምላኽ ንላዕሊ ኢድ ሰይጣን ዝለዓለ እጃም ከም ዘለዋ ብንጹር
ይረኣየካ። ወንጌልስ ያኢ ፋሽን ኮይኑ፣ በብዓይነቱ ቅዲ "ወንጌል" ዓመት መጸ
ኣብ መድረኻት እናተራእየ፣ "ይኣኽለኒ ምባል ብስሰዐ፣ ከም ፍቓድካ ምባል ከም
ፍቓደይ፣ ኣነ ሓመድን ሓመኹሽትን እየ ምባል ኣነ ኣምላኽ'የ፣ ክርስቶስ ስዒሩ
ምባል ብተሳዒሩ፣ ንኣምላኽ እመን ድማ ንእምነትካ እመን፣ ኣነ ስጋን ደምን እየ
ተሪፉ ኣነ መንፈስ እየ፣" ብዝብል መልእኽትታት ተተኪኡ እናረኣኻ እናሰማዕካ
ምጽቃጥ፣ ብኣንጻሩ ናቱ ማይ ብሑቕ ለኺፉካ ካብኡ ዘይረሓቑ መልእኽትታት
ኣብ ምሃብ ተሓጺርካ ምግልጋል ክዝውተር ምርኣይ ዘይጽወር በደል እዩ።

ብዛዕባ እዚ በደል እዚ "ዓገብ" ዝብል ሰብ ምስ ዝትንስእ፣ ኣብ ክንዲ
ሓቲትካ ምርዳእ፣ ተገልቢጥካ ንዕኡ "ዓገብ" ምባል ይበዝሕ ኣሎ። እቲ ርኹስ
ነገር ኣብ ቅዱስ ስፍራ ክጭፍር እናረኣናዮ ዝተዛነና ደኣ፣ ከመይ ጌርና ነቲ ር
ኹስ ነገር ካብቲ ርኹስ ስፍራ ንምርሓቕ ፈውሲ ንምዝራእ ክንትንስእ ኢና? ርኽ
ሰት ናይቲ ንስምን ክብርን እግዚኣብሄር ዝገሃሰ ናይ ጥንቲ ተመን ዝኾነ ድ
ያብሎስ፣ ኣብቲ ስም ክርስቶስ ዝስመየሉ ቅዱስ መድረኻት ይቀላቐል ምህላው
ኣዝዩ ከሰክፈናን ከፍርሃናን ብቕንኣት ኣምላኽ ክለዓዕለናን እዩ ዝግብኦ።

## ታሪኽ ምሕላውን ታሪኽ ስሕተትን መሳቱ እዮም

ቃል እግዚኣብሄር ክነግረና ከሎ፣ እቲ ሓለቓ ጓሶት ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ
ክርስቶስ ንጓሶት ቤተ ክርስትያን ዓብይ ሓላፍነት ሂቡ እዩ። ነዚ ሓቂ እዚ ድማ
ገና ኣብቲ ታሪኽ ናይ ኩሉ ነገር ዝጀመረሉ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት ኢና እን
ረኽቦ። እቲ ንሰይጣን ካብ ሰማያት፣ ንኣዳምን ሄዋንን ከኣ ካብ ገነት ኤደን
ዘደርበየ ሓጢኣት'ውን መበቈሉ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት ኢና እንረኽቦ። ስለዚ
ታሪኽ ምሕላውን ታሪኽ ስሕተትን ዳርጋ መሳቱ እዮም ክብለና ዘኽእል ሓቂ ኣብ
መጽሓፍ ቅዱስ ኣሎ።

እግዚኣብሄር ንኣዳም ክፈጥሮ እንከሎ ከምቲ ኣብ ዘፍ፣2፣15 ጽሒፍዎ
ዘሎ ንምድሪ ክዓይያን ክሕልዋን እዩ ኣብ ገነት ኤደን ዘቐመጦ። እንታይ ዝዕ
የ ዕዮ ስለ ዝነበረ ደኣ እዩ ክዓዩ፣ መን ሰራቒ መን ሽፍታ ስለ ዝነበረኸ እዩ
ክሕልዋ ኢሉ ኣብ ገነት ኤደን ዘቐመጦ? እዚ ሕቶ እዚ ኣዝዩ ኣገዳስን ቅኑዕን

ሕቶ እዩ'ሞ ኩሉ ልቢ ክሓትቶ ዝግባእ እዩ። ቅድሚ ኣዳምን ሄዋንን ዝተፈጥሩ ረቀቕቲ ፍጥረታት (መላእኽቲ) ከም ዝነበሩ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና እዩ። ገለ ካብቶም መላእኽቲ ዝተዋህቦም ማዕርግ ኣብ ክንዲ ዝሕልው፣ ናብ ዓውዲ ኣምላኽነት ክመጣጠሩ ክብሉ ናብ መዓሙቕ ተደርበዩ። ሳጥናኤል (ሰይጣን) ናብ መልኣኽ ጸልማት ቅድሚ ምልዋጡ፣ ኣብ ሰማያት ከም ዘጽልል ኪሩብ እዩ ነይሩ (ህዝ፣28፣14-16)። ድሕሪ ምድርባዩ ድማ ንምኽርን ግብርን ናይ እግዚኣብሄር ንምጽራር ወርትግ ይጽዕር። ስለዚ ድማ ኑቲ ኣምላኽ ብዛዕባ ኣዳምን ዘርኡን ዝነበሮ ምኽሪ ንምዕንቃፍ ከም ዝጽዕት ርዱእ እዩ። እምበኣር ኣዳም ካብዚ ቀናእን ሕሱምን ጸላኢ እዩ ንገነት ኤድን ክሕልዋ። ብበትሪ ወይ ብዕጥቂ ዘይኮነስ ቡቲ እግዚኣብሄር "ግበሮን ኣይትግበሮን" ኢሉ ዝሃቦ ሕጊ ከም ዝሕልዋ ድማ ተነጊርዎ እዩ። ገሾኑ ክሰርቕን ከታልልን ዝኽእል ተኹላ ኣብ ዘይነበረሉ ናይ ምዕያይን ምሕላውን ሓላፍነት ብማዕረ እንተ ተዋሂቡ፣ ኣብዚ ተዃሉን ኣራዊት መሮርን ዝበዝሑሉን ዘመንከ ደኣ ናይ ምዕያይን ምሕላውን ሓላፍነት ማዕረ ክንደይ ክኸውን እዩ? ሰይጣን ነዛ ሓለዋ ናይ ኣዳም ክጥሕሳ ምስ ደለየ፣ ነታ "ካብዚኣ ምስ እትበልዕ ክትመውት ኢኻ" እትብል ቃል "ካብዚኣ ምስ እትበልዕ ከም ኣምላኽ ክትከውን ኢኻ።" ናብ ዝብል ቃል ብምልዋጥ እቲ ሰብ ገሾኑ ኣዳም ኣብ ኣእምሮኡ ዘይነበረ ኣምላኽነት ከም ዝብህግ እዩ ጌርዎ። እታ ንዕኡ ካብ ሰማያት ናብ መዓሙቕ ዘደርበየት መርዛም ሓጢኣት ድማ ኣውሓጦ።

ሎሚ'ውን ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ከምዚ ናይ ኣዳም ዝበለ መርዚ እዩ ኣብ ኣፍና ዝቐረበልና ዘሎ። ቀንጢብና እንበልዖ ፍረ ኦም እኳ እንተ ዘየለ፣ ገለ ገለ ጥቕስታት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ እናቖንጠቡ፣ "እዘን ጥቕስታት እዚኣተን ከም ዘለወን እንተ ውሒጥካየን፣ <u>ኣምላኽ ክትከውን ኢኻ</u>።" ዝብል መርዛም ትምህርቲ ብምትላል የመንግግዎ ኣለው። ወዲ ሰብ ድማ ኣብ ኢዱ ዘየለ ነገር ምብሃግ ባህርዩ ስለ ገሾኑ ከም ዘለዎ ይቕበሎ እሞ በዚ ዘይምሕር መርዛምን በኹርን ሓጢኣት ተለኺፉ ይጠፍእ ኣሎ። ሄዋን "ብፍረ ኦም ኣምላኽነት ይርከብ እዩ።" ንዝብል ግሁድ ሓሶት ብምቕባላ ኣእምሮኣ ምስ ጸልመተ፣ ሽዑ ኩሎም እቶም ናይ ስምዒት ህዋሳታ ተዛቢያም እዮም። ነታ ኦም በለስ ከምዛ ቅድሚ ሕጂ ርእያታ ዘይትፈልጥ ዘይነበራ ጽባቐ ረኣየትላ። ኣብ ኣፋ ከይኣተወት ከላ "ንምብልዓ ጥዕምቲ" "ጥበብ ብምሃባ እተብህግ ኦም" ብምባል በልዓታ። ኣብ ኣፉ ከይኣተወ ከመይ ጌሩ ብዛዕባ መቐረቱ ክትዛረብ ክኢላ? ናይ ስሕተት ነገር ማዕረ ክንደይ ንኣእምሮ ከጸልምት ከም ዝኽእል ካብዚ ሓቂ እዚ ክንርዳእ ንኽእል ኢና።



ነዚ ኹሉ ናይ ሰይጣን ቃላት ክተስተማቕር ከላ፣ ናይቲ ዝፈጠራ ኣምላኽ ቃላትከ ናበይ እያ ደርብያቶ? ብዛዕባ እታ ኦም በለስ እቲኣ ኣቐዲሙ ዝተባህለ ኣማራጺ ቃል እንታይ ከይና ግምት ዘይሃበቶ? "ብኣምላኽ ዝተፈጥረ ፍረ ኦም በሊዕካስ ምስቲ ዝፈጠረካ ኣምላኽ ዝዳረግ ኣምላኽነት ክርከብ ይከኣል እዩ" ዝብል እምነትከ ብሓቂ ካብ ብንቡር ዝዓዱ ዘሎ ኣእምሮ ዝወጸ ሓሳብ ድዩ? ፈጺሙ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ስለዚ እምበኣር ኣዳምን ሄዋንን ካብ ከምዚ ዝበለ ፈኾስ ሓሳብ፣ ንኣእምሮኦም ብምሕላው እዮም ንገነት ኤድን ክሕልውዋ ዝግብኦም ዝነበረ።

## ምዕያይን ምሕላውን ናይ ኩሉ ሓላፍነት እዩ።

ምዕያይን ምሕላውን ኑቲ ቀዳማይ ኣዳም ጥራይ ዝተሓዝአ ኣይነበረን። ናይቲ ቀዳማይ ኣዳም ዘርኢ እኳ እንተ ዘየኽበርዎ፣ ናይቲ ካልኣይ ኣዳም ዘርኢ ገሾኑ ኣመንቲ ክገብርዎ ዝተዋህቦም ሓላፍነት'ውን ንሱ እዩ ነይሩ። ምዕያይን ምሕላውን እቲ ዝዓበየ ናይ ቤተ ክርስትያን ሓላፍነት እዩ። ቤተ ክርስትያን ነዘን ክልቲኣን ሓላፍነት እዚኣተን ክትትግብረን እንተ ዘይክኢላ፣ ቤተ ክርስትያን ኢልካ ክትሰምያ'ውን ኣጸጋሚ እዩ። ተዃሉ ንኣባጊዖም ክሻመውለን እናረኣዩ ናይ ሎሚ ጓሶት <u>ተዓዚሞም ይረኣዩ ኣለው</u>። እዚ ድማ ፍርሃትን ቅንኣትን ናይ እግዚኣብሄር ኣብ ልቢ ጓሶት ከም ዘየለ ዘቃልዕ ስገምቲ እዩ።

ጐይታና ኢየሱስ ንኹላቶም (12) ሃዋርያት ሓርዩዎም ከብቅዕ፣ ጉስነት ናይ ውልቂ ደኣ እምበር ናይ ጅምላ ሓላፍነት ዘይምዃኑ ምእንቲ ክርኢ፣ ካብ ኩላቶም ንሓደን ምርኡይን ሃዋርያ ፈልዩ ክህቦ ተራእዩ። እዚ ሓላፍነት እዚ ንጴጥሮስ ዝሃበሉ ምኽንያት ድማ ካብቶም ዝነበሩ ሃዋርያት ብጸጋ ጸብለል ዝበለ፣ ሓላፍነት ናይ ቤተ ክርስትያን ክጸውር ዝበቕዐ ምንባሩ እዩ።

<u>**ዮሃ፣21፣15-17**</u> ፦ "ምስ ተመስሑ ከኣ፣ ኢየሱስ ንስምኦን ጴጥሮስ፣ ስምኦን ወዲ ዮና፣ <u>ካብዚኣቶም ኣብሊጽካዶ ተፍቅረኒ ኢኻ</u>? በሎ። ንሱ ኸኣ፣ እወ ጐይታየ፣ ኣነ ከም ዘፍቅረካ፣ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ፣ በሎ። ንሱ ዕያውተይ ኣብልዕ በሎ። ከም ብሓድሽ ከኣ ካልኣይ ጊዜ፣ ስምኦን ወዲ ዮና፣ ተፍቅረኒዶ ኢኻ? በሎ። ንሱ፣ እወ ጐይታየ፣

ኣነ ከም ዘፍቅረካ፣ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ፡ በሎ። ንሱ <u>ኣባጊዔይ ሓሉ፣</u> በሎ። ሳልሳይ ድማ፣ ስምኦን ወዲ ዮና ተፍቅረኒዶ ኢኻ? በሎ። ጴጥሮስ ሳልሳይ ጊዜ፣ ተፍቅረኒዶ ኢኻ? ስለ ዝበሎ፣ ጉህዩ ጐይታ የ፣ ንስኻ ኹሉ ትፈልጥ ኢኻ፣ ኣነ ከም ዘፍቅረካውን ትፈልጥ ኢኻ፣ በሎ። ኢየሱስ ከኣ <u>ኣባጊዔይ ኣብልዕ</u>።..."

***<u>ማቴ፣16፣15-19</u>*** ፡- ንሱ ኸኣ፣ ንስኻትኩም መን እዩ ትብሉኒ ኢሎም? በሎም። ስምኦን ጴጥሮስ፣ ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ኢኻ፣ ኢሉ መለሰሉ። ኢየሱስ ከኣ መሊሱ በሎ፣ ስምኦን ወዲ ዮና፣ እዚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ እምበር፣ ስጋን ደምን ኣይገለጸልካን እሞ፣ ብጹእ ኢኻ። ኣነ ኸኣ እብለካ ኣሎኹ፣ ንስኻ ጴጥሮስ ኢኻ። <u>ንማሕበረይ ከኣ ኣብዛ ኸውሒ እዚኣ ክሃንጻ እየ፣</u> ደጌታት ሲኦል ድማ ኣይሕይልዋን። <u>መርሖታት መንግስተ ሰማያት ክህበካ እየ፣</u> ኣብ ምድሪ ዝኣሰርካዮ ኹሉ ኣብ ሰማይ እሱር ኪኸውን እዩ። ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ኹሉ ድማ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን እዩ።

ነተን ኣባጊዕ ናይ ምሕላውን ምብላዕን ሓላፍነት መግለጺ ናይቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘለና ዕዙዝ ፍቕሪ እንድሕር ኮይኑ፣ ንዝተዋህበካ ናይ ምሕላውን ምብላዕን ሓላፍነት ዘይምፍጻም ድማ ብኣንጻሩ መግለጺ ናይቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘለና ጽልኢ ክኸውን ማለት እዩ። እቲ ምሕላው ናብ ዘይምሕላው እንድሕር ተለዊጡ፣ እቲ ምፍቃር ድማ ናብ ዘይምፍቃር ከም ዝተለወጠ እዩ ዘስምዕ።

***<u>ዘካ፣11፣4,5,8</u>*** ፡- "እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ነተን ኣባጊዕ ማሕረዲ ጓስየን። እቶም ተሻየጥተን ይሓርድወን፣ ንርእሶም በደልቲ ኸም ዘኾኑ ኸኣ ኣይቈጽሩን። እቶም ሸየጥተን ድማ፣ ኣነስ ሃብቲመ እግዚኣብሄር ይመስገን፣ ይብሉ፣ ጓሶተንውን ከቶ ኣይንሕፍወንን። ... ነቶም ሰለስተ ጓሶት ብሓንቲ ወርሒ ኣጥፋእክዎም፣ ነፍሰይ ብኣታቶም ጸበባ፣ ነፍሶምውን ጸልኣትኒ።"



***<u>ያእ፣4፣4</u>*** ፡- "ኣትን ዘመውቲ፣ ፍቕሪ ንዓለምሲ ንኣምላኽ ጽልኢ ምዃኑዶ ኣይትፈልጣን ኢኽን? እምብኣርከ ፈታው ዓለም ምዃን ዚደሊ፣ ንሱ ጸላእ ኣምላኽ እዩ ዚኸውን።"

**<u>ግብ፣20፣28-32</u>**፡- "ስለዚ ንርእስኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዝጥረያ ማሕበር ጐይታን ክትጓስዩ፣ መንፈስ ቅዱስ ኢጲስቆጶሳት ገይሩ ኣብኣ ዝሸመኩም <u>ኩሉ መጓሰ ሓልው</u>። ኣነ ምስ ኣልገስኩ፣ ነቲ መጓሰ ዘይንሕፉ እኩያት ተኲሉ ከም ዝኣትውኹም፣ እፈልጥ ኣሎኹ። ንደቀ መዛሙርቲ ደድሕሪኦም ምእንቲ ክስሕቡ፣ ቄናን ነገር ዝምህሩ ካባኻትኩም ክትንስኡ እዮም። ስለዚ ሰለስተ ዓመት ምሉእ ለይትን መዓልትን ብንብዓት ንነፍሲ ወከፍኩም ምምዓድ ከም ዘየቦኮርኩ፣ እናዘከርኩም ንቕሑ። ሕጂ ድማ ንኣምላኽን ነቲ ክሃንጸኩምን ምስ ኩላቶም ቅዱሳን ክረስትየኩምን ዝኽእል ቃል ጸጋኡን ኣማሕጽነኩም ኣሎኹ።"

እዞም ሰብ ኤፌሶን ካብ ሓደ ተራ ኣገልጋሊ ዘይኮነስ ካብቲ ሕሩይ ኣቕሓ ዝኾነ፣ ከም ቅዲ ሰብ ዘይኮነ ምስጢርን ጥበብን ዝጸገበ፣ ክሳዕ ሳልሳይ ሰማይ ዝተነጥቀ ሰብ እዮም ንሰለስተ ዓመት ምሉእ መዓልትን ለይትን ተማሂሮም። ዋላ ሓንቲ ተረፍ ዘይብሉ ኩሉ ምኽሪ ኣምላኽ ድማ እዮም ዝተማህሩ። ኣብ ርእሲኡ ድማ ከም ተራ መደረ ዘይኮነስ፣ ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተደረኸ ብንብዓት ዝተሰነየ ትምህርቲ እዩ ነይሩ። ነዞም ከምዚ ዝዓይነቱ ትምህርቲ ዝጸገቡ ሰባት እግረ እግሪ ሃዋርያ ጳውሎስ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ኣትዩ ክናውጾም ዝኽኣለስ፣ ነዞም ኣብ ሰሙን ሓንቲ መዓልቲ እሞ ካብ ሰለስተ ኣርባዕተ ሰዓት ዘይሓልፍ፣ እሞ ትምህርቲ ዘይኮነስ ዝላን ጭፈራን ዝዕብልሎ ዘይተመጣጠነ መንፈሳዊ ምግቢ ዝምገብ ጉባኤታት እቲ ተኹላ እንታይ እዩ ክገድፈሉ? ኣዝዩ ዘፍርህ እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ፣ ንሰብ ኤፌሶን ክልተ ሓደጋታት ኣንጻላልይዎም ከም ዘሎ እዩ ገሊጹሎም

1ይ፡- “ነቲ መጓሰ ዘይንሕፉ እኩያት ተዃሉ ከም ዘኣትውኹም እፈልጥ ኣለኹ።” ክብል ከሎ እቶም ናይ ስሕተት ሃዋርያት መጀመርታ ብደገ ከም ዝመጹ ስለዚ ድማ ካብ ደገ ክመጽእ ካብ ዝኽእል ሓደጋ ክንሕሎ ከም ዝግባእ ዝገልጽ እዩ።

2ይ፡- “ንደቀ መዝሙርቲ ደድሕሪኣም ምእንቲ ክስሕቡ፡ ቄናን ነገር ዝ ምህሩ ካብኻትኩም ክትንስኡ እዮም።” ብምባል ድማ ካብ ውሽጢ'ቲ ሕብረት ተዃሉ ከም ዝለዓሉ ዝሕብር እዩ።

እምበኣርከስ እቶም ሓለውቲ ካብ ደገን ካብ ውሽጥን ክለዓሉ ንዝኽእል ናይ ስሕተት ትምህርቲ ክጥንቀቑ ከም ዝግባእ ኢና እንርዳእ። ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ብኸመይ ክንሕሎ ከም ዝግባእ ክገልጽ ከሎ ድማ መጀመርታ ንርእሶም ክሕልዉ፡ ብድሕሪኡ ድማ ነታ ብደም ክርስቶስ ዝተጠርየ ት ማሕበር ኣምላኽ ክሕልዉ ከም ዝግባእ ገለጸሎም። ነዚ ሓላፍነት እዚ ድማ ካብ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝተቐበልዎ ሓበሮም።

ኣብዚ ክንሓቶ ዝግብኣና ኣገዳሲ ሕቶ ኣሎ። እዞም ዘይንሕፉ እኩያት ተዃሉ ሃዋርያ ጳውሎስ ምስ ኣግለሰ ብውሽጥን ብደገን ነቲ መጓሰ ዘጨንቕዎ ን ምንታይ እዮም? ንምንታይ ንሱ ከሎኸ ነቲ መጓሰ ዝነሓፍዎ መሲሎም? እቲ መልሲ ከም ክሪስታል ንጹር እዩ። መዓልትን ለይትን፡ ብጅምላ ዘይኮነስ ብነፍሲ ወከፍ ደረጃ፡ እሞ ድማ ትንክፍክፍ ዘይኮነስ ብዕምቈት ንኹሉ ምኽሪ ኣምላኽ ትንትን ኣቢሉ ዝምህር ጕስነት እናረኣዩ በየናይ ነቓዕ ክኣትዉ ምኽኣሉ? ንሃዋር ያ ጳውሎስ ለበውኡ ክሳዕ ክንድዚ መሪር ዝገበሮ ድማ እቶም ሕድሪ ዝቐበሉ ዘለዉ ጓሶት ንኽምዚ ዝዓይነቱ ጽኑዕ ጕስነት ብቑዓት ከም ዘይነበሩ ስለ ዘረጋገጸ እዩ። ንርእሶም እኳ ምሕላው ክሳዕ ዘድልዮም ክሳዕ ክንድዚ ዘሰክፉ ምንባሮም እዩ ዘርእየና። ናብዚ ዘለናዮ ዘመን እሞ ምልስ ንበል። እንታይ ዓይነት ጓሶት ኮን ኢና ዘለና? ኩሉ ምኽሪ ኣምላኽ ይትረፍሲ ርብዒ ናይ ምጽጋብ ዕድል ዝረ ኸብና ደኾን ንኸውን? ነዚም ኩሉ ምኽሪ ኣምላኽ እሞ ከኣ ብሃዋርያ ጳውሎስ ዝ ጸገቡ ሰባት ዘየናሕሰየሎም ደኣ ንዓና እንታይ እዩ ክገድፈልና? ይትረፍ ካብ ተ ኾላ ርእስና ክንሕልወሉ እንኽእል ትምህርቲ ክንረክበሲ፡ ተኾላ ዝበሃል ክበልዕ ዝኽእል ኣራዊት ከም ዘሎ ዝነግረና እኳ ስኢንና ኣሎና። ኣብ መድረኽ ኣብያተ ክርስትያን “ካብ ስሕተት፡ ካብ ነብያት ሓሶት ተጠንቀቑ” ዝብል ትምህርቲ ወይ ስብከት፡ እቶም ንዓሰርተታት ዓመታት ዝተመላለሱ ኣመንቲ



ብግቡእን ብተኸታታልን ናይ ምስማዕ ዕድል ረኺቦም ኣይፈልጡን። ስለዚ ድማ እየን ናይ ሎሚ ነፍሳት፡ “ተኾላ እምበር ኣሎ” ዝብል ድምጺ ክሰምዓ ከለዋ ካብ ነቲ ተኾላስ ነቲ በሃሊኡ ክነጽጋ ዝቐልለን ዘሎ። እምበኣር ንነፍሳትና “ተኾላ ኣትዩና ተላዒሉና ኣሎ” ዝብል ደሃይ መለኸት ክነስምዐን፡ ከድህባሉ ከኣ ክንረድኣን ሓላፍነትና እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ኤፌሶን ገዲፍዎም እኳ እንተ ኸደ ደሓር ግን ን ጢሞቴዎስ ልኢኹሎም እዩ። ብድሕርዚ ንጢሞቴዎስ ብኸመይ መንገዲ ነቲ ጽውጽዋያት ናይ ተዃሉ ከም ዝምከቶ ክገልጸሉ ከሎ “ኣእዛኖም ኣሳሕይዎም ደኣ፡ ብትምኒት ርእሶም መምህራን ክእከቡ እምበር፡ ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ ዘይዕ ገሱሉ ዘመን ኪመጽእ እዩ፡ ሽዑ ኣእዛኖም ካብ ሓቂ ኪመልሱ፡ ናብ ጽውጽዋ ያትውን ኪምለሱ እዮም እሞ፡ ብኹሉ ዓቕልን ብምህሮን እቲ ቃል ክትሰብኽ፡ ብግዚኡን ብዘይ ግዚኡን ክተስምዕ፡ ክትገንሕ፡ ክትቀጽዕ፡ ክትምዕድ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣብ ቅድሚ እቲ ንህያዋንን ንምውታንን ክፈርድ ዘለዎ ክርስ ቶስ ኢየሱስን በቲ ምግላጹን መንግስቱን ኣማሕጽነካ ኣለኹ።” ብምባል ጸሓፈሉ (2ጢሞ፡4፡1-4)። ከምታ ንሱ ኩሉ ምኽሪ ኣምላኽ ብምግላጽ ዝሓለዋ፡ ን ጢሞቴዎስ'ውን ብጊዚኡን ብዘይ ግዚኡን ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ ብምምሃር ክሕሉ ከም ዘለዎ ኣማሕጺንዎ እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ንመጓሰታት ናይ ምሕላው ሓላፍነት ንጢሞቴዎስ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንቲቶስን ንኻልኦት ኩላቶም መዓይይቲ'ውን ይህብ ነይሩ እዩ። ቲቶስ ካብቶም ምስ ጳውሎስ ኮይኖም ዝዓየዩ ምርኡያትን ዝተመስከረሎምን ኣ ገልገልቲ ሓደ እዩ። ሓቢሮም ኣብ ቅሬጥስ ከገልግሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ቅሬጥስ ሓዲግዎ ናብ ኒቆጶሊስ ሓለፈ። ጳውሎስ ንቲቶስ ኣብ ቅሬጥስ ሓዲግዎ ክኸይድ ከሎ ክፍጽሞ ዝግባእ ሓድሓደ ሓላፍነታት ገዲፉሉ እዩ ከይዱ። እቲ ሓደን ቀንድን ኣገልግሎት ድማ፡ ኣብ ከከተምኡ <u>ጥዑይ ትምህርቲ ዝምህሩ ነቶም ተቓናቕንትን መስሓትትን ምግንሖምን ምዕባስ ኣፎምን ዝኽእሉ</u> መራሕቲ ቤተ ክርስትያን ንኽሸይሞም እዩ ነይሩ።

<u>*ቲቶ፡1፡9-16*</u> ፥- “ንሱ በቲ <u>ጥዑይ ትምህርቲ ምእንቲ ክምዕድ፡ ነቶም ተቓናቐንቲውን ምግናሖም ምእንቲ ክከኣሎስ</u>፡ በቲ እሙን ቃል ምህሮ ይጽናዕ። ብዙሓት ዘይእዘዙ ተዛረብቲ ሃተውተውን መስሓትትን ኣለው፡ እዚኣቶም ምናዳ ካብ ሰብ ግዝረት እዮም። ንሳቶም <u>ርኹስ ረብሓ ምእንቲ ክረኽቡ</u> ኢሎም፡ <u>ዘይግባእ እናመሃሩ፡</u> ንብዘሎ ኣባይቲ ዝ

ገላባጦ፣ ምዕባስ ኣፎም ግቡእ እዩ። ሓደ ካባታቶም፣ ናታቶም ነብዪ፣ ሰብ ቅሬጥስ ኩሉ ሳዕ ሓሰውቲ፣ እኩያት ኣራዊት፣ ሃካያት ኣኽብዲ እዮም፣ በለ። እዚ ምስክር እዚ ሓቂ እዩ። ስለዚ ብእምነት ምእንቲ ክጥዕዩ፣ ናብ ጽውጽዋያት ኣይሁድን ናብ ትእዛዛት እቶም ካብ ሓቂ ዝዘንበሉ ሰባትን ከየቕልቡ፣ ኣሕሚምካ ግንሓዮም። ነቶም ንጹሃት ብዘሎ ኩሉ ንጹህ እዩ፣ ነቶም ርኹሳትን ዘይኣምኑን ግና፣ እቲ ኣእምሮኦምን ሕልናኦምን ርኹስ እዩ እምበር፣ ኩቶ ንጹህ የብሎምን። ንኣምላኽ ክም ዝፈልጥዎ ባዕሎም ይብሉ፣ ፍንፉናትን ዘይእዙዙን ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ኩሉ ዘይጠቕሙን ብምዃኖም ግና በቲ ግብሮም ይኽሕድዎ ኣለው።"

ሎሚ ግን ይትረፍ ኣሕሚምና ክንገንሖ፣ ሕሹኽ ኢልካ ምምዓድ እኳ ይኸብድ ኣሎ። ንሰባት ዘይመንፈሳውያን ከይንመስሎም ንፈርህ። ንኽብሪ ክርስቶስን ወንጌልን ብዝምልከት ልኡም (Liberal) መርገጺ ሒዝካ ምምልላስ ኣዝዩ ዘሕዝን ነገር እዩ። ኣብ ናትካ ክብርን ተቐባልነትን ጉዳይ ሸለል እንተ በልካ፣ እቲ ምእንቲ ክብሩ ዝቖምካሉ ጐይታ ነቲ ዝጐደለ ክብርኻ ብዝበለጸን ዝተዓጻጸፍን ክብሪ ክትክኦ እዩ። ንኽብሪ ክርስቶስ ንስለ ስምናን ክብርናን ተፈታውነትናን ክንብል ሸለል እንተ ኢልና ግን ናይ መወዳእታና ዕጫ እንታይ ክም ዝመስል ቃሉ ኣነጺሩ ስለ ዝገለጸልና ኣስፊሕካ ምዝታዩ'ውን ኣገዳሲ ኣይኮነን።

## ንምንታይ እዩ ስሕተት ቀልጢፉ ዝላባዕ

ኣብዚ ጉዳይ እዚ፣ ሓደ ኣነጺርና ክንሓቶ ዝግባእ ሕቶ ኣሎ። ንምንታይ እዩ እዚ ካልእ ወንጌል እዚ ክሳዕ ክንድዚ ንሰባት ዘታልል ዘሎ? ዝብል እዩ። እቲ እንኮን ዝነጸረን መልሲ ድማ ሓደ እዩ፣ ምኽንያቱ፡ እቲ ዝዓበየ ናይ ምምሳልን ንኣእምሮ ናይ ምጥባርን ልዑል ክእለቱ እዩ። ቅድሚ ነቲ ናይ ስሕተት ወንጌል ናይ ምምሳል ዓቕሚ ምርኣይና፣ ምምስሳል ኣብ ስነ ፍጥረት ዝህቦ ጥቕሚ ንርአ። ብዙሓት እንስሳታት ካብ መጥቃዕቲ ጸላእቶም ንኽድሕኑ፣ ወይውን ንኻልኦት ክጥቅዑ ኣብ ዝደለዩሉ እዋን ነቲ ከባቢኦም ብሕብሪ ይኹን ብቕርጺ ብምምስሳል የምልጡ ወይ ክኣ የጥቅዑ እዮም። ንኣብነት ነፋሒቶ፣ ናይቲ ዘላቶ ከባቢ ሕብሪ ናይ ምውሳድ ፍሉይ ክእለት ኣለዋ። ከምኡ'ውን ቅርጾምን ሕብሮምን ካብ ሓደ ዝደረቐ ሳዕሪ ዘይፍለ፣ ተገሪህካ ብኢድካ ክትልዕ



ሎም እትድረኽ ዓሌት ኣንበጣ ኣለው። ዋላ ኣብ ውተሃደራዊ ዓለም እንተ ተዓዘብና'ውን፣ ኣብ ቀላጥ ምድረ በዳ ነቲ ሑጻ ዝመስል ክዳን ደኣ እምበር ቆጻል ክዳን ተኸዲኑ ዝንቀሳቐስ ሰራዊት የለን። ብኣንጻሩ ኣብ ቆጻል ከባቢ ክኸውን ክሎ ድማ፣ ነቲ ቆጻል ክዳኑ እምበር ጽዕድው ዝበለ ክዳን ኣይገብርን እዩ። ሓድሓደ ጊዜ ምምስሳል እናተመሃርካ፣ ክመሳሰሉ ኢሎም ንዝኸዱ ብጸትካ ኬድካ ኣብ እግርኻ ክለው ክም እትስእኖም ብውተሃደራዊ ታዕሊም ዝሓለፈ ሰብ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ካብ ነፍስና ክይረሓቕና'ውን ኣብ ጸጉሪ ርእስና ዝርከብን ኣብ ካልእ ኣካላትና ዝርከብ ቁማልን ሕብሮም ኣዝዩ ዝተፈላለዩ እዩ። እቲ ኣብ ርእስና ዝርከብ ቁማል ጸሊም ዝኾነሉ ምኽንያት ነቲ ጸጉሪ መሲሉ ካብ መጥቃዕቲ ንርእሱ ምእንቲ ክከላኸል እዩ። ስለዚ እዚም በሃማት እንስሳታት እኳ ተፈጥሮ ምሂርዎም ነዚ ምምስሳል ክም ናይ መንበሪ ሜላ ጌሮም ዝወሰድዎ፣ እቲ ብቐንዱ ምትላልን ምጥባርን ዝባህርዩ ሰይጣንከ ደኣ፣ ኣብ ቤተ ክርስትያን ብምምስሳል፣ ኖቱ ናይ ሓሶት ወንጌል ክዘርእ ዘይክእለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

## ምምስሳል ብፍሪኡ እዩ ዝቃላዕ

ስለዚ ክኣ እዩ ጐይታ "ከምኡኸስ እቲ ጽቡቕ ኦም ጽቡቕ ፍረ ይፈሪ፣ እቲ ክፉእ ኦም ኸኣ ክፉእ ኦም ይፈሪ" ብምባል ዘጠንቀቐና (ማቴ፡7፡17)። ተኹላን በጊዕን ፍጹም ምምስሳል ዘይብሎም ብዘርኢ ኮነ ብባህርይ ፍጹም ክቀራረብ ዘይክእል ተፈጥሮ ዘለዎም እንስሳታት እዮም። እንተ ኾነ እቲ ተኹላ ነባጊዕ ክበልዐን ክቐርብ ክሎ እተን ኣባጊዕ እናበርገጋ ስለ ዘሸገርኦ፣ በጊዕ ብምምሳል ጥራይ ክታልለን ክም ዝኽእል፣ ብዙሓት ዝብልዓ ኣባጊዕ ድማ ክረክብ ክም ዝኽእል ብምርዳእ፣ ቆርበተን ብምኽዳን ንኣታተን ይመስል። እቲ ቆርበት ንኣካላቱ ብምሉኡ ክገጥሞ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ናይ ተኹላ ኮይኑ ዝተርፍ ክመሳሰል ዘይክእል ኣካላት ናይ ግድን ክህልዎ እዩ። እታ ንምድሓን ዝለበመት በጊዕ ግና ኣብቲ ክስረቕ ዝኽእል ቆርበት ዘይኮነስ፣ ኣብቲ ክመሳሰል ዘይክእል ኣካላት ናይቲ ተኹላ ክተድህብ ይግባእ ማለት እዩ። ተኹላ ዝኾነ እንተ ኾነ ቅርጺ ኣፉን ኣስናኑን ኣጽፋሩን ጭርኡን ክልውጥ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ዋላ ደኣ ይመሳሰል እምበር፣ ብዘይ መለለዪ ክተርፍ ግን ኣይክእልን እዩ። ሓንትስ እታ በጊዕ፣ ቆርበት ናይ ዝተበልዐት ብጻይታ ኣብ ልዕሊኡ ርእያ ደኣ ኣይትዘንጋዕ እምበር፣ ሓንትስ ንድሕነታ ክትብል ደኣ ትለብም እምበር፣ ዝተመ

ሳሰለ ተኸተላ ምልላይ ከቢድ ኣይኮነን።

ሃዋርያ ጳውሎስ፣ ሰብ ተሰሎንቄ ኣዝዩ ሓደገኛ ብዝኾነ ናይ ስሕተት ወንጌል ተጠቒዖም ምስ ረኣየ፣ "እቶም ዝጠፍኡስ ንምድሓኖም ዝኸውን ፍቕሪ ሓቂ ስለ ዘይተቐበሉ፣ ንኣታቶም ናይዚ ኣመጻጽኣ ብኹሉ ጥበራ ዓመጻ፣ ብኹሉ ሓይልን ትእምርትን ተኣምራት ሓሶትን ብሓይሊ ሰይጣን እዩ ዝኸውን።" ብምባል ጸሓፈሎም (2ተሰ፣2፣9-10)። ስለዚ እቶም ፍቕሪ ናይቲ ሓቂ ዝኾነ ቃል ወንጌል ዘይብሎም ሰባት ጥራይ እዮም ናይዚ ናይ ጥፍኣት ስሕተት እዚ ግዳያት ዝኾኑ። ምኽንያቱ ጐይታ "ንሓቂ ክትፈልጥዋ ኢኹም፣ እታ ሓቂ ድማ ሓራ ክተውጽኣኩም እያ" ኢሉና እዩ። ብዘይ'ዚ ቃል ሓቂ እዚ ካብዚ ዘን ጸላልወና ዘሎ ጥፍኣት ክንድሕንን ሓራ ክንወጽእን ኣይንኽእልን ኢና (ዮሃ፣8፣32)። ስለዚ እታ እንኮ እነምልጠላ መንገዲ ቃል እግዚኣብሄር ብዕምቈት ብምፍላጥ ጥራይ ይኸውን ማለት እዩ።

ብዙሕ ጊዜ ሰባት ብዛዕባ ጥበራን ምምሳልን ናይ ተኻሉ ክትነግሮም ከለኻ "ከመይ ኢሎም ክምዚ ይገብሩ?" ኢሎም ይግረሙ። መጽሓፍ ቅዱስ ዝሓዘ ኩሉ ሓቂ ጥራይ ክዛረብ ዘለዎ ጌሮም ይወስድዎ። ሰይጣን ንጐይታ ክፍትኖ ከሎ እኳ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕስታት እናጠቐሰ ይፍትኖ ከም ዝነበረ ክዝንጋዕ ኣይግባእን (ማቴ፣4፣1-11)። ሃዋርያ ጳውሎስ "ከምዚኣቶም ዝበሉ ሰባት ከኣ ሃዋርያት ሓሶት፣ ዝጥብሩ ዓየይቲ፣ ርእሶም ንሃዋርያት ክርስቶስ ዘምስሉ እዮም። ሰይጣን እኳ ንርእሱ ንመልኣኽ ብርሃን የምስል እዩ እሞ፣ እዚ ኣየገርምን እዩ። ስለዚ ኸኣ እቶም ኣገልገልቱ ንርእሶም ነገልገልቲ ጽድቂ እንተ ኣምሰሉ፣ ዓብዪ ነገር ኣይኮነን፣ መወዳእትኦም ግና ከም ግብሮም ክኸውን እዩ።" ዝበለሉ ምኽንያት ድማ ንሱ እዩ (2ቈረ፣11፣13-15)። ሰይጣን ንመልኣኽ ብርሃን፣ ሃዋርያት ሓሶት ድማ ንሃዋርያት ሓቂ ክመስሉ ይኽእሉ እንተ ኾይኖም፣ ናይ ሎሚ ናይ ስሕተት ሃዋርያትከ ደኣ ናይ ጐይታ መሲሎም ክታልሉ ዘይክእሉሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? ስለዚ ሰይጣን ብውዲቱ ክብለጸልና ኣይንሕደጎ (2ቈረ፣2፣11)። ብብዙሕ ዝዓይነቱን ብጋሻን ትምህርቲ ድማ ኣይንስሓት (እብ፣13፣9)።



# መስሓትቲ ብቝጽሪ ኮነ ብዓይነት ብዙሓት እዮም

ኣብዚ ክንስተውዕሎ ካብ ዘለና ሓቅታት ሓደ፣ እቶም ዘስሕቱ ብቑጽሪ ውሑዳት ዘይምዃኖም እዩ። ብቑጽሪ ጥራይ ዘይኮነስ ብዓይነቶም እውን ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ እዚ ሓቂ እዚ ክዛረብ ከሎ፣ "ካብ ቤተ መቕደስ ምስ ወጸ ድማ፣ ሓደ ካብ ደቀ መዛሙርቱ፣ መምህር፣ ከመይ ዝበለ ኣእማንን ከመይ ዝበለ ህንጻንማ ርኤ፣ በሎ። ኢየሱስ ድማ፣ ነዚ ዓብዪ ህንጻዶ ትርእዮ ኣሎኻ? ዘይፈርስ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒ ኣይክተርፍን እዩ፣ ኢሉ መለሰሉ። ኣብ ደብረ ዘይቲ ኣብ ማዕዶ ቤተ መቕደስ ተቐሚጡ ከሎ፣ ጴጥሮስን ያእቆብን ዮሃንስን እንድርያስን ብሕት ኢሎም፣ እስኪ ንገረና፣ እዚ መኣዝ ክኸውን እዩ? እዚ ኹሉ መኣዝ ከም ዝፍጸምሲ፣ ትእምርቱ እንታይ እዩ? ኢሎም ሓተትዎ። ኢየሱስ ከኣ ክብሎም ጀመረ፣ <u>ሓደ እኳ ከየስሕተኩም ተጠንቀቑ</u>። <u>ብዙሓት ኣነ እየ፣</u> እናበሉ ብስመይ ክመጹ እዮም እሞ፣ <u>ንብዙሓት ከኣ ከስሕቱ እዮም</u>።... ናይ ሓሶት ክርስቶሳትን ናይ ሓሶት ነብያትን ክትንስኡ እዮም እሞ፣ እንተ ተኻእሎምሲ፣ ነቶም ሕሩያትውን ከስሕቱ፣ ትእምርትን ተኣምራትን ክገብሩ እዮም። ንሰኻትኩም ግና ተጠንቀቑ። እንሆ ኣቐዲመ ኹሉ ነገር ኩኹም። ብምባል እቶም ብስሙ ዝመጹ መስሓትቲ ብቑጽሮምን ብዓይነቶምን ብዙሓት ከም ዝኾኑ ኣቐዲሙ ኣጠንቂቑና እዩ (ማር፣13፣1-6,22,23)። ስለዚ ነቲ ብዝሒ ከም ናይ ሓቅነት መለክዒ ረቑሒ ዘይኮነስ፣ ከም ናይ መጠንቀቕታ ረቑሒ ክንርእዮ የድሊ። ሃዋርያ ዮሃንስ'ውን ነዚ ሓቂ እዚ እዩ ኣረጋጊጹልና። "ደቀየ፣ እዚኣ እታ ዳሕረይቲ ሰዓት እያ። ከምቲ፣ እቲ ጸረ ክርስቶስ ከም ዝመጽእ፣ ዝሰማዕክምዎ፣ ካብ ሕጂውን <u>ብዙሓት ኣጽራረ ክርስቶስ</u> ተንሲኦም ኣለው። እዚኣ እታ ዳሕረይቲ ሰዓት ምዃና በዚ ኢና እንፈልጥ። ካባና ወጺኦም፣ ግናኸ ካባና ኣይነበሩን። ካባና ነይሮም እንተ ዝኾኑስ፣ ምሳና ጸኒዮም ምነበሩ ነይሮም። ግናኸ ኩላቶም ካባና ዘይምዃኖም ምእንቲ ክገሃዱ እዮም ዝወጹ።" ብምባል፣ ሓደን ክልተን ዘይኮነስ ብዙሓት ኣጽራረ ክርስቶስ ከም ዘለው ኣጠንቂቑና ኣሎ (1ዮሃ፣2፣18,19)። ኣብ 2ዮሃ፣7 "ኢየሱስ ክርስቶስ ብስጋ ከም ዝመጸ ዘይኣምኑ <u>ብዙሓት መስሓትቲ</u> ናብ ዓለም ወጺኦም ኣለው። እቲ መስሓትን እቲ ጸረ ክርስቶስን እዚ እዩ።" ብምባል ድማ ነቲ ኣቐዲሙ ዝበሎ ቃል ኣጽኒዕዎ ኣሎ።

# ሃዋርያት ብዛዕባ ስሕተት ንጹር መርገጺ ነይሮምም

ሃዋርያት ኣብ መልእኽቶም፡ ነቲ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ዝሃብዎ መግለጺ ቃላት ኣዝዩ ዘገርም እዩ። በቲ ሃዋርያት ዝሃብዎ ቃላት ተጢቒምካ ነዚ ናይ ሎሚ ስሕተት ክትገልጾ ምስ እትፍትን ንምስምዑ ዝስቀቒ ብሓዲግ ምድን ጋጽ ዝደናገጹ ሰባት ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ። ኣብቲ መሰረት ሃዋርያትን ነብያትን ዝኾነ ክርስቶስ ዝተነድቀ ሰብ ነቲ ሃዋርያት ብዛዕባ ስሕተት ዝወሰድዎ መግለጽን መርገጽን ንምውሳድ ስኽፍ ክብሎ ኣይግባእን እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ክጠንቅቕ ከሎ "ኣታ ጢሞቴዎስ፡ ካብቲ፥ ገሊኦም ተኣሚኖምዎ ካብ እምነት ዘምበሎም ዘለው፡ ብሓሶትሲ ፍልጠት ተባሂሉ ዘሎ ርኹስ ሃተውተውን ክትዕን ርሓቕ። ነቲ ሕድሪ እተዋህበካ ሓልዎ።" ብምባል፡ እዚ ብሓሶት ፍልጠት (ምግላጽ) ተባሂሉ ዘሎ ነገር <u>ርኹስ ሃተውተው፡</u> ምዃኑ እዩ ገሊጹሉ (1ጢሞ፡6፡20,21)። ንቲቶስ'ውን እቶም መስሓትቲ ተዛረብቲ ሃተውተውን ጽውጽዋያትን ምዃኖም፡ "ብዙሓት <u>ዘይእዙዙ ተዛረብቲ ሃተውተውን መስሓትትን</u> ኣለው። እዚኣቶም ምናዳ ካብ ሰብ ግዝረት እዮም። ንሳቶም ርኹስ ረብሓ ምእንቲ ክረኽቡ ኢሎም፡ ዘይግባእ እናመሃሩ ንብዘሎ ኣባይቲ ዝገላብጡ፡ <u>ምዕባስ ኣፎም ግቡእ እዩ።</u> ሓደ ካባታቶም፡ ናታቶም ነብዩ፡ ሰብ ቀሬጥስ ኩሉ ሳዕ <u>ሓሰውቲ፡ እኩያት ኣራዊት፡ ሃካያት ኣኽብዲ</u> እዮም፡ በለ። እዚ ምስክር እዚ ሓቂ እዩ። ስለዚ ብእምነት ምእንቲ ክጥዕዩ፡ ናብ ጽውጽዋያት ኣይሁድን ናብ ትእዛዛት እቶም ካብ ሓቂ ዝዘምበሉ ሰባትን ከየቕልቡ፡ ኣሕሚምካ ግንሓዮም። ... ንኣምላኽ ከም ዝፈልጥዎ ባዕሎም ይብሉ ፍንፉናትን ዘይእዙዙን ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ኩሉ ዘይጠቕሙን ብምዃኖም ግና በቲ ግብሮም ይኽሕድዎ ኣለው።" ብምባል ገሊጽዎም ይርከብ (ቲቶ፡1፡10-16)። እቲ ጥዑይ ትምህርቲ ንእዛኖም ኣሳሕይዎም፡ ኣእዛኖም ካብቲ ሓቂ መሊሶም ብድሕሪኡ ናብ ጽውጽዋያት እዮም ዘቕልቡ። "ኣእዛኖም ኣስሕይዎም ደኣ፡ ብትምኒት ርእሶም መምህራን ክእከቡ እምበር፡ ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ ዘይዕገስሉ ዘመን ኪመጽእ እዩ፡ ሽዑ ኣእዛኖም ኣብ ሓቂ ኪመልሱ፡ <u>ናብ ጽውጽዋያትውን ኪምለሱ</u> እዮም እሞ፡ ብኹሉ ዓቕልን ብምህሮን እቲ ቃል ክትሰብኽ፡፡ ብግዚኡን ብዘይግዚኡን ኩተስምዕ፡፡ ክትገንሕ፡፡ ክትቀጽዕ፡፡ ክትምዕድ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣብ ቅድሚ እቲ ንህያዋንን ንምውታንን ክፈርድ ዘለዎ ክርስቶስ ኢየሱስ በቲ ምግላጹን መንግስቱን ኣማሕጽነካ ኣለኹ።" (2ጢሞ፡4፡1-4)።



# መስሓትቲ ንኸብዶም እምበር ንኣምላኽ ኣየገልግሉን እዮም

ዋላኳ ብኣፎም ንኣምላኽ የገልግሉ ከም ዘለው፡ ከምስሉ እንተ ፈተኑ ምእንቲ ርኹስ ረብሓ ኢሎም፡ ንኸብዶም ከገልግሉ ኢሎም እምበር ንኣምላኽ ከገልግሉ ኢሎም ከም ዘይገብርዎ ቃል ኣምላኽ ኣቃሊዕዎም እዩ። እዚ ሓቂ'ዚ ድማ ካብ ብጽሑፍ ንላዕሊ ኣብ ኣእዛንናን ኣዒንትናን እንሰምዮን እንዕዘቦን ዕለታዊ ተርእዮ ስለ ዝኾነ ብዙሕ መርትዖ ዝሓትት ኣይኮነን። ካብ ሰማያዊ ንላዕሊ ብምድራዊ መልእኽቲ ዝተዓብለለ ብዛዕባ መግቢን ክዳውንትን ካልእ መጋየጽን ጥራይ ዝሰብኽ ጋሻ ወንጌል እዩ ኣብ ዙርያና ዝስማዕ ዘሎ። ንሰብ ሮሜ "ግናኸ ኣሕዋተይየ፡ ነቶም ካብቲ እተመሃርኩምዎ ምህሮ <u>ምፍልላይን መዓንቀፍን ዚገብሩ</u> ኽትዕዘብዎም፡ እምዕደኩም ኣሎኹ። እቶም ከምዚኣቶም ዝበሉ <u>ንኸብዶም እምበር፡</u> ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣየገልግልዎን፡ ብጥዑም ዘረባን ምርቓን <u>ልቢ እቶም ገርህታት የስሕቱ</u> እዮም እሞ፡ <u>ካባታቶም ኣግልሱ።</u> ምእዛዝኩም ኣብ ኩሉ ተሰሚዑ እዩ፡ ስለዚ ብኣኻትኩም እሕጐስ ኣሎኹ። ንሰናይ ብልህታት፡ ንእኩይ ግና ገርህታት ክትኮኑ፡ እደሊ ኣሎኹ። ኣምላኽ ሰላም ከኣ ንሰይጣን ቀልጢፉ ኣብ ትሕቲ እግርኹም ኪቐጥቅጦ እዩ።" ብምባል ዝተጻሕፈሎም ቃል፡ ካብቶም ንኸብዶም እምበር ንጐይታና ኢየሱስ ዘየገልግልዎ ሃካያት ኣኽብዲ ክንጥንቀቕ እዩ ዝምዕደና (ሮሜ፡16፡17-20)። ጳውሎስ ንሰብ ፊሊጲ "ከምቲ ብዛዕባኦም ብዙሕ ሳዕ ዝበልኩኹም፡ ሕጂውን እናበኸኹ እብል ኣሎኹ ብዙሓትሲ <u>ጸላእቲ መስቀል ክርስቶስ</u> ኮይኖም ይመላለሱ እዮም። መወዳእታኦም ጥፍኣት እዩ፡ ኣምላኾም ከብዶም እዩ፡ ክብረቶምውን ኣብ ነውሮም እዩ፡ ሓሳቦም ከኣ ናይ ምድሪ እዩ" ኢሉ ክምዕድ ዝደረኾ እቲ ሰብ ናብቲ ዝተጸውዮ ናይ ላዕሊ ጽውዓ ኣምላኽ ዘይኮነስ ናብዚ ሓላፊ ምድራዊ ዕላማ ከቕልብ እሞ ሓላፊ ኮይኑ ምእንቲ ኩተርፍ ዘለዎም ዕላማ ስለ ዝረአየ እዩ (ፊሊ፡3፡18,19)። "ኩሉ ተፈቒዱለይ ኣሎ፡ ግናኸ ኩሉ ኣይጠቅምን እዩ። ኩሉ ተፈቒዱለይ ኣሎ፡ ኣነ ግና ሓደ ነገር እኳ ከመልከኒ ኣይሓድግን እየ። ብልዒ ንኸብዲ፡ ከብዲ ኸኣ ንብልዒ እዩ፡ ኣምላኽ ግና ነዝን ነትን ኬጥፍኦም እዩ። ስጋ ንጐይታ፡ ጐይታውን ንስጋ እዩ እምበር፡ ስጋስ ንምንዝርና ኣይኮነን።" ዝብል ቃል ተጻሒፉ ከብቅዕ፡ ሎሚ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ኢድካ ሒዝካ ጐይታ ዘይኮነስ ከብዲ (ስጋ) ዝምልኽሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

(1ቈረ፥6፥12-13)። "ንሕና መንፈስ እምበር ስጋ ኣይኮንናን" ኢሎም እናሰበኹ ክነሶም ንስጋ ጥራይ እምበር ንመንፈስ ዘይከውን ስብከት ዝሰብኩ ዘለው ደኣ እንታይ ኮይኖም እዮም? ቃል እግዚኣብሄር "ስጋውያን ዘበሉ ነቲ ናይ ስጋ እዮም ዝሓስቡ፥ መንፈሳውያን ግና ነቲ ናይ መንፈስ እዮም ዝሓስቡ።" ድሕሪ ምባሉ ኣስዒቡ'ውን "ስጋ ነቲ ምስ መንፈስ ዚጻረር ይምነ፥ መንፈስውን ነቲ ምስ ስጋ ዚጻረር እዩ ዝምነ። ነቲ እትደልይዎ ምእንቲ ኸይትገብሩ፥ እዚኣቶም መጻርርቲ እዮም።" ኢሉ ኣብ መንጎ ስጋን መንፈስን ዘሎ ተጻባእነት ኣነጺሩ ገሊጽዎ እዩ (ሮሜ፥8፥5፣ ገላ፥5፥17)። "መንፈስ ኢና" እናበልካ፥ "<u>ስጋዊ ሃብትን ጥዕናን ዘይብሉ ህይወት ኣይክርስትናን እዩ" ምባል</u>፥ ብጠባሪ ቃላት ዝተጐልበበ ናይ ክብዲ ኣምልኾ እዩ። ነዚ ኸኣ እዩ ኣብ እብራውያን፥ "ልባኹም፥ በቲ ነቶም ዝኸዱሉ ዘይጠቐሞም ብልዒ ዘይኮነስ፥ ብጸጋ እንተ ጸንዐ ጽቡቕ እዩ እሞ፥ ብብዙሕ ዝዓይነቱን ብጋሻ ትምህርቲ ኣይትስሓቱ፡" ብምባል ክምዕደና ዝ ተደረኸ (እብ፥13፥9)።

ሃዋርያ ይሁዳ ብዛዕባ እቶም ስሉኾ ኢሎም ዝኣተውዎም፥ እኩያት ዓየይቲ ከጠንቅቐም ዝተገደደሉ ምኽንያት "ኣቱም ፍቑራተይ ብዛዕባ ሕብረት ምድሓንና ብዅሉ ቅንኣት ክጽሕፈልኩም ምስ ደሌኹ፥ በቃ ሓንሳእ ንቅዱሳት እተዋህበት እምነት ክትጋደሉ ጽሒፈ ክመኽረኩም፥ ናይ ግዲ ኰነኒ። ገለ ሰባት ካብ ቀደም ነዚ ፍርዲ እዚ እተጻሕፉ፥ ፍርሃት ኣምላኽ ዘይብሎም፥ ነቲ ጸጋ ኣምላኽና ናብ ርኽሰት ዚልውጥዎ፥ ነቲ ሓደ በይኑ ገዛእን ጐይታናን ኢየሱስ ክርስ ቶስ ዝኽሕድዎ፥ ስሉኽ ኢሎም ኣትዮምኹም ኣለዉ። ... እዚኣቶም ብዘይ ፍርሃት ምሳኻትኩም እናበልዑ ንርእሶም ዝጓስዩ፥ ኣብቲ ናይ ፍቕሪ መኣድኹም ጸያቒቶ እዮም። ንፋስ ንየው ነጀው ዝደፍኦ ማይ ዜብሉ ደበና፥ ዘይፈርያ፥ ክልተ ሳዕ ዝ ሞታ፥ ካብ ሱረን እተመንቈሳ ኣእዋም ሓጋይ፥ ነቲ ነውሪ ርእሶም ዜዕፍርዎ ብርቱዓት ማዕበል ባሕሪ፥ ብርግርግ ዚብሉ ከዋኽብቲ እዮም፥ ነዚኣቶም ግብ ዝ በለ ጸልማት ንዘልኣለም ተዓቝሩሎም ኣሎ፥" ብምባል ነጊርዎም እዩ (ይሁ፥3,4,12,13)። "ንሸኻውን ኣታ ወዲ ሰብ፥ ገጽካ ናብተን ካብ ልበን ሃንዲሰን ዚንበያ ኣዋልድ ህዝብኻ ኣብል ኣንጸረን ድማ ተነበየለን፥ ንነፍሳት ኬፈንጥራስ፥ እተን መኼዳ ንዅሉ ኵርናዕ ኣእዳው ዚሰፍያን ንዓብይን ንንእሽቶን ኰሉ ርእሲ ድማ መጐልበቢ ዚገብራን ወይለኤን። ነፍሳት ህዝበይ ትፍንጥራ፥ ነፍሳትክንዶ ከ ተድሕና ኢኽን፥ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፥ ኢልካ ንገር። ንሸኻትክን ነተን ዘይሞታ ነፍሳት ንሞት እናወፈኽን፥ ነተን ብህይወት ኪነብራ ዘይግብአን ነፍሳት ከኣ ህይወተን እናኣድሓንክን፥ ነቲ ሓሶት ዚሰምዕ ህዝበይ እናሓሰኽናሉ፥ <u>ምእን</u>



<u>ቲ ዕሙኽቲ ስገምን ቊረርስ እንጌራን ኣብ ህዝበይ ተርክሳኒ ኣሎኽን።</u>" ብምባል ነብዩ ህዝቅኤል፥ እተን ነብያት ሓሶት ኽብደን የገልግላ ከም ዝነበራ ኣቃሊዕወን እዩ (ህዝ፥13፥17-19)።

# ንስሕተትን ንመስሓትትን ከነውግዝ ግቡእ መንፈሳዊ ስጉምቲ እዩ።

ሃዋርያ ዮሃንስ ኣብ ልዕሊ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ዘካይዱ፥ ካብ ምህሮ ክርስቶስ ንቦ ዝዘበሉ ሰባት፥ ነቲ ትምህርቶም ካብ ምንጻግ ሓሊፍና ክንወስዶ ዝግብኣና ስጉምቲ ክገልጽ ከሎ "ኢየሱስ ክርስቶስ ብስጋ ከም ዝመጸ ዘይኣምኑ ብዙሓት መስሓትቲ ናብ ዓለም ወጺኦም ኣለው። እቲ መስሓትን እቲ ጸረ ክርስቶስን እዚ እዩ። ምሉእ ዓስቢ ክትቅበሉ እምበር፥ ነቲ ዝጸዓርናሉ ምእንቲ ከይተጥፍእዎ፥ <u>ርእሰኹም ሓልዉ።</u> እቲ ንቦ ዚዘብል፥ ብምህሮ ክርስቶስውን ዘይጸንዕሲ፥ ኣምላኽ የብሉን። እቲ ኣብቲ ምህሮ ዚጸንዕ፥ ንሱ ኣቦን ወድን ኣ ለውዎ። ዝኾነ ይኹን ናባኻትኩም እንተ መጸ እሞ ነዚ ምህሮ እዚ እንተ ዘየ ምጽአ፥ <u>ኣብ ቤትኩም ኣይትቀበልዎ፥ ሰላምውን ኣይትበልዎ፥ እቲ ሰላም ዝብሎስ ኣብቲ እኩይ ግብሩ ሓቢርዎ እዩ።</u>" ብምባል ጸሓፈ (2ዮሃ፥7-11)። እቶም ኣብ ኣፍ ልቢ ጐይታ ተጸጊዖም ዝዓበዩ ሃዋርያት ብዛዕባ ተኾላ ዝወሰድዎ ንጹር መርገጺ ክሳዕ ኣብዚ እዩ ዝበጽሕ ነይሩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነቶም፥ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተሰበከሎም ወንጌል ካልእ ወንጌል ዝሰብኩ፥ ሰባት ይኹኑ ናይ ሰማይ መላእኽቲ ከውግዝ ተራእዩ። ዋላ ንሱ ባዕሉ እንተ ኾነ'ውን መጺኡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ዝሰበኾ ወንጌል ቀዪሩ ካልእ ወንጌል ክሰብከሎም እንተ ፈቲኑ እኳ ከውግዝዎ ከም ዝግባእ ከምዚ ብምባል "ካብቲ ብጸጋ ክርስቶስ ዝጸውዓኩም ከ ምዚ ቀልጢፍኩም ናብ ካልእ ወንጌል ምግልባጥኩም ይገርመኒ ኣሎ። እዚውን ገለ ዘዕገርግሩኹምን ነቲ ወንጌል ክርስቶስ ኪልውጥዎ ዝደልዩን ከም ዘለዉ ማለት እዩ እምበር፥ ካልእ ወንጌልሲ ኣይኮነን። ግናኸ <u>ንሕና እኳ እንተ ኾንና</u> ወይስ <u>መልኣኽ ካብ ሰማይ</u>፥ ብዘይ እዚ ንሕና ዝሰበኽናልኩም ወንጌል <u>ካልእ ወን ጌል እንተ ሰበኽልኩ ም ንሱ ውጉዝ ይኹን</u>። ከምቲ ቅድም ዝበልናዮ፥ ሕጂውን ከም ብሓድሽ፥ ብዘይ እቲ እተቐበልኩምዎስ ካልእ ወንጌል ዝሰበኸ እንተሎ፥ ን ሱ ውጉዝ ይኹን፥ እብል ኣለኹ።" (ገላ፥1፥6-8,9)። እቶም ምርኡያት ሃዋርያት ክርስቶስ ንስሕተት ብኸምዚ ብዘየዳግም መልክዕ ከውቕዕዎ እናረኣና ክነስና፥ ሎሚ እንተ ብስክፍታ እንተ ብፍርሂ ኣብ ልዕሊ ስሕተት ልኡም መርገጺ

ክንወስድ ዝድርኾና ዘሎ ደኣ እንታይ እዩ? ኣፍን ልብን ናይ ሰባት ክንሕሉን ከነሐጉሶን ክንብል እምበር ንኣምላኽ ከነሐጉስ ኢልና ከም ዘይኮነ ስጉምትና ባዕሉ እዩ ዘቃልዓና ዘሎ። እቲ እሙን ሃዋርያ ነቶም ሰብ ካልእ ወንጌል ኣውጊዞምስ ወድአ፥ "ሕጂኸ ንሰብዶ ወይስ ንኣምላኽ እየ ባህ ዘብል ዘለኹ? ... ገና ንሰብ ከሐጉስ እንተ ዝብልሲ፥ ባርያ ክርስቶስ ኣይምኾንኩን ነይረ።" ብምባል ነቲ ናይ ውግዘት ስጉምቲ ክወስድ ዝሓገዞ መርገጺኡ ኣነጺሩ እዩ (ገላ፡1፡10)።

ነቶም ተቛናቝንቲ ናይ ወንጌል ክንገንሖምን ኣፎም ክንዓብሶን እንተ ኼንና፥ ነቲ ካልእ ወንጌል ከምቲ ጐይታ ዝጸልኦ ጌርና ክንጸልኦን ክንጽየፎን እዩ ዝግባእ። ጐይታ ንመልኣኽ ማሕበር ኤፌሶን ካብ ዘንኣዶ ረቛሒታት ሓደ ንሱ ምንባሩ፥ "ግናኸ ነቲ ኣነውን ዝጸልኦ ዘለኹ ግብሪ ኒቆላውያን ንስኻ ትጸልእ ኢኻ እሞ እዚ ግዳ ኣሎካ" ብምባል ገሊጹሉ እዩ (ራእ፡2፡6)። ብኣንጻሩ ከኣ ነቶም ምህሮ በልዓምን ምህሮ ኒቆላውያንን ዝሓዙ ሰባት፥ ኣብ ማእከል ቤተ ክርስትያኖም ሒዞም ከብቅዑ ስቕ ኢሎም ዝነበሩ መልኣኽ ማሕበር ጴርጋሞስን ቲያቲራን ከምዚ ዝስዕብ ኣከታቲሉ ጽሒፉሎም እዩ። ንኣገልጋሊ ጴርጋሞስ "ነቲ ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል መንሳተቲ ንምግባር፥ ንጣኦታት እተሓርደ ክበልዑን ኪምንዝሩን ንባላቕ ዝመሃሮ ምህሮ በልዓም ዝሓዙ ስለ ዘለውኻ ግና፥ ቅሩብ ነገር ረኺበልካ ኣለኹ። ከምኡ'ውን በዛ መገዲ እዚኣ ንምህሮ ኒቆላውያን ዝሓዝዎ ኣለውኻ። ስለዚ ተነሳሕ፥ እንተ ዘይኮነስ ቀልጢፈ ክመጸካ፥ ብሰይፊ ኣፈይውን ክዋግኦም እየ።" ክብሎ ከሎ፥ ንኣገልጋሊ ቲያቲራ ድማ "ግናኸ ነታ፥ ነብዪት እየ፥ እናበለትሲ ነቶም ኣገልገልተይ ክምንዝሩን ንጣኦታት እተሰውአ ክበልዑን እትምህሮምን እተስሕቶምን ዘላ ኤዛቤል፥ ነታ ሰበይቲ እቲኣ ስቕ ኢልካ ምርኣይካ ረኺበልካ ኣለኹ። ምእንቲ ክትንሳሕ ኢለ፥ ጊዜ ሂበያስ፥ ንሳ ግና ካብቲ ምንዝርናኣ ክትንሳሕ ኣይደለየትን።" ኢልዎ እዩ (ራእ፡2፡14-16፣ ራእ፡2፡20-21)።

ሃዋርያ ጳውሎስ ምስዚ ከምዚ ዝበለ ስሕተት በቲ ሰናይ ሕልንኡን እምነቱን ጌሩ ጽቡቕ ውግእ ክዋጋእ ከም ዝግብኦ፥ ንሱ ነቶም ናይ እምነት መርከቦም ዝሰበሩ ሕልንኦም ዘጥፍኡ ሰባት ክሳዕ ናብ ሰይጣን ኣብ ምውፋይ ከም ዝተዋግኦም እዩ ንጢሞቴዎስ ኣርኣያ ብምሃብ ዝጸሓፈሉ። "ኣታ ጢሞቴዎስ ወደይ፥ ከምቲ ቐደም እተባህለልካ ትንቢታት እምነትን ሰናይ ሕሊናን ሒዝካ፥ ብእኡ ጽቡቕ ውግእ ምእንቲ ክትዋጋእ፥ እዚ ትእዛዝ እዚ ኣማዕቊበካ ኣለኹ። ገሊኦም ነቲ ሰናይ ሕሊናኦም ደርብዮምሲ ናይ እምነት መርከብ ተሰቢራቶም እያ። ካባታቶም ከይጸርፉ ምእንቲ ክቕጽዑ ኢለ ንሰይጣን ዝወፈኽዎም፥ ሂሚ



ኔዎስን እስክንድሮስን እዮም።" (1ጢሞ፡1፡18-20)። እቶም ክልተ ዓበይቲ ናይ እግዚኣብሄር ሰባት፥ ሙሴን ኤልያስን፥ ነቶም ነቲ ህያው ኣምላኽ ሓዲጎም ናብ ግኡዝ ጣኦት ዝዘምበሉ ሰባት ዝወሰድዎ ስጉምቲ፥ ብዛዕባ ኣምላኽ ዝነበሮም ቅንኣትን ብዛዕባ ስሕተት ዝነበሮም ጽልኣትን ዘጕልሕ ንጹር መርትዖ እዩ ነይሩ። (1ነገ፡18፡39,40፣ ዘጸ፡32፡15-29)።

## "ንቕቡኣተይ ኣይትተንከይዎም"

እቲ ከምዚ ዝዓይነቱ ስጉምቲ (መርገጺ) ክንወስድ ከለና፥ ካብቶም ዝሰሓቱን ምስኦም ዝደናገጹን ሰባት ናባና ገጹ ዝውርወር ግብረ መልሲ ልሙድ ቃል ስለ ዝኾነ፥ ኩላትና እንፈልጦ እዩ። እተን ቃላት "ንቕቡኣት ኣይትተንከዩን" "ኣይትፍረዱን" ዝብላ ኮይነን ከም መከላኸሊ ክጥቀሙለን ይረኣዩ። ብመሰረቱ "ንቕቡኣተይ ኣይትተንከዩ" ዝብል ቃል ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ቀንጢቦም ኣብ ዘይመዓልኡ ዘውዕልዎ ዘለው ጥቕሲ እዩ። እቲ ከምኡ ዝበለሉ መልእኽቲ ኣብ መዝ፡105፡8-15 ይርከብ። ከምዚ ድማ ይብል።

***መዝ፡105፡8-15፡-*** "ነቲ ምስ ኣብርሃም ዝኣተዎ ኪዳኑ፥ ንይስሃቕ ዝመሓለሉ ማሕላ፥ ነቲ ንሽሕ ወለዶ ዝኣዘዞ ቃል ንዘለኣለም ዘኪሩስ፥ ምድሪ ከንኣን፥ ዕድሎት ርስትኹም ክትከውን ክህበካ እየ፥ ኢሉ ንያዕቆብ ከም ሕጊ፥ ንእስራኤል ከኣ ከም ናይ ዘልኣለም ኪዳን ኣቘሞ። ብቑጽሪ ሒደት፥ ኣዝዮም ሒደት፥ ኣብኣውን ስደተኛታት ከለው፥ ካብ ህዝቢ ናብ ህዝቢ፥ ካብ መንግስቲውን ናብ ካልእ ህዝቢ ኪሓልፉ ከለውስ፥ ንሱ ሰብ ኪጠቕዖም ኣይሓደገን። ንቕቡኣተይ ኣይትተንከይዎም፥ ንነብያተይ ድማ ክፉእ ኣይትግበርዎም፥ ኢሉ ምእንትኦም ንነገስታት ገሰጾም።" (1ዜና፡16፡16-22)

እዚ ጽሑፍ ከም ዝረኣናዮ ብዛዕባ ህዝቢ እስራኤል ብሓፈሻ፥ ማለት ካብ ግብጺ ክሳብ ከንኣን ብኸመይ መንገዲ ከም ዝሓለዎምን ከም ዝመርሖምን እዩ ዝሕብር። ኣብቲ ናቱ ቅብኣት (መንፈስ) ይመርሖም ዝነበረሉ እዋን ብኻልኦት ነገስታት ከይድፈሩ ይሕልዎም እኳ እንተ ነበረ፥ ነቲ ዝቐብኦም ጐይታ ዝጻረር መንገዲ ደኺዱሉ ኣብ ዝነበሩ እዋን ግን ነቶም ቅድሚ ሕጂ ዝገሰጾምን ዝኸልከሎምን ነገስታት ኣብ ልዕሊኦም ኣላዒሉ ፍድኦም ከም ዘርእይዎም፥ ካብ ምትንካፍ ሓሊፎም ክሳዕ ክጠፍኡ ዝቐርቡ የጽንትዎም ከም ዝ

ነበሩ ዝገልጽ ታሪኽም'ውን ውሑድ ኣይኮነን።

ብተመሳሳሊ መንገዲ፡ ዳዊት ነቲ ቅቡእ ሳኦል ክዳኑ ስለ ዝተንከየ ልቡ ክም ዝወቕዖ ዝገልጽ ታሪኽ፡ ኣብ 1ሳሙ፡24፡6,10 ተጻሒፉ ንረክብ ኢና። እዚ ዝስዕብ ጥቕስታት እንተ ኣንቢብና'ውን ብዛዕባ እቲ ቅቡእ ዝበሃል ሳኦል ብዙሕ ሓበሬታ ዝህበና እዩ (1ሳሙ፡12፡3,4 1ሳሙ፡26፡9-23፤ 2ሳሙ፡1፡14-16)። ዋላ እኳ ኣብ መዝ፡20፡6 ብዛዕባ ቅቡኣት፡ ዳዊት "ንቕቡኡ እግዚኣብሄር ከም ዜድሕኖ፡ ሕጂ ፈለጥኩ፡ ብናይ እታ የማኑ ሓይሊ ምድሓን ካብ ቅድስቲ ሰማዩ ኪመልሰሉ እዩ" ኢሉ እንተ ጸሓፈ፡ ኣስዒቡ'ውን ኣብ መዝ፡89፡38,51 "ንስኻ ግና ደርቢኻን ንዒቕካን፡ ንቕቡእካ ተቘጣዕካዮ፡ ... ጐይታየ ጸላእትኻ ዝጸርፍዎ ጸርፊ፡ ነቲ ንኣሰር ቅቡእካ ዚጸርፍዎ ዘለዉ ዘክር።" ኢሉ ከም ዝጸሓፈ ክንስሕቶ የብልናን። ነብዩ ኤርምያስ ድማ ኣብ ልዕሊ "ቅቡእ እግዚኣብሄር" ዝወረደ ሓደጋ "እቲ እግዚኣብሄር ዝቐብኦ፡ ብዛዕባኡ፡ ኣብ ማእከል ህዝብታት ኣብ ጽላሉ ክንነብር ኢና፡ ዝበልናዮ መተንፈስ ትንፋስና ኣብ ጉዳጕዶም ተታሕዘ።" ብምባል ገሊጽዎ እዩ (ደገ፡4፡20)። ስለዚ ቅቡኣት ምስቲ ዝቐብኦም መንፈስ ዝጸረር ህይወትን ኣካይዳን ምስ ዝሕዙ፡ ካብ ምትንካፍ ሓሊፉ ከጥፍኦም ከም ዝኽእል ቃል እግዚኣብሄር ብንጹር ኣረጋጊጹልና እዩ።

***ዕብ፡6፡4-8***፡- "ነቶም ሓደ ግዜ ብርሃን ዝበርሃሎም እቲ ሰማያዊ ውህበት ከኣ ዝጠዓሙ፡ ተማቐልቲ መንፈስ ቅዱስውን ዝኾኑ፡ እቲ ሰናይ ቃል ኣምላኽን ሓይሊ እታ እትመጽእ ዓለምን ከኣ ዝጠዓሙ፡ እንተ ወደቑ፡ ንወዲ ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ንርእሶም ስለ ዝሰቕልዎ ብግህዶውን ዜላግጽሉ ስለ ዝኾኑ፡ ከም ብሓድሽ ንንስሓ ክሕደሱ ኣይከኣሎምን እዩ። እታ ብዙሕ ግዜ ነቲ ኣብኣ ዝወረደ ዝናብ ዝሰተየት ምድሪ ነቶም ብዛዕብኣም ዚሓርስዋ ዝጠቅም ፍረ እንተ ሃበቶም፡ ካብ ኣምላኽ በረኸት ትረክብ እያ። እሾኽን ዳንደርን እንተ ኣብቊለት ግና፡ ንቕፍትን ጥቓ መርገምን እያ። መወዳእትኣ'ውን ምንዳድ እዩ።"

***2ጴጥ፡2፡20-22***፡- "ብፍልጠት ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብታ ርኽሰት ዓለም ኣምሊጦም፡ ከም ብሓድሽ ብእኣ ተጠሊፎም እንተ ተሳዕሩ፡ ካብ ቀዳማዮምሲ ዳሕራዮም ዝገደደ እዩ ዝኾውን። ማለት፡ ንሳቶም እናፈለጥዋ ካብቲ እተዋህቦም ቅዱስ ትእዛዝ ንድሕሪት ካብ ዚምለሱስ፡ ነታ መገዲ ጽድቂ እንተ ዘይፈልጥዋ ምሓሸም ነይሩ።



ከምቲ እቲ ምስላ ሓቂ፡ ከልቢ ናብ ትፋኡ ተመልሰ፡ ሓሰማውን ተሓጺባስ ኣብ ጸብረ ኣንገርገረት፡ ዚብሎ በጺሕዎም ኣሎ።"

## "ኣይትፍረድ"

እቲ ካልእ ኣብ ዘይመዓልኡ ዝውዕል ዘሎ፡ "ኣይትፍረዱ" ዝብል ቃል ድማ ሓንሳእ ጥራይ ዘይኮነስ ብተደጋጋሚ ዝተጻሕፈ ቃል መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። ማቴ፡7፡1-5፤ ሉቃ፡6፡37፤ ሮሜ፡14፡4,10,13፤ 1ቈረ፡4፡5፤ 1ቈረ፡5፡12፤ ያእ፡4፡11,12 ምጥቃስ ጥራይ እኳ ኣኻሊ እዩ። እቶም "ኣይትፍረዱ" ዝብል ቃል ካብ ኣፍ ጐይታ ብቐጥታ ዝተቐበልዎ፡ ባዕላቶምውን "ኣይትፍረዱ" ኢሎም ዝጸሓፉ ሰባት እቶም ንወንጌልን ንመልእኽትታትን ዝጸሓፉ ምርኡያት ሃዋርያት እዮም። በቲ ቅድሚ ሕጂ ብዛዕባ ስሕተትን መስሓትትን ዘንበብናዮ ጥቕስታት ገሮም ነቲ ስሕተትን ሃንደስቱን ዘውገዙን ዝፈረዱን እዞም ሃዋርያት ባዕላቶም እዮም። ነቲ ካብ ጐይታኦም ዝተማህርዎን ነቲ ባዕላቶም ዝመሃርዎን ዝጸረር ትምህርቲ ክገብሩ ኣይክእሉን እዮም። ምኽንያቱ ኣብቲ ብድርኺት መንፈስ ቅዱስ ዝተጻሕፈ ጽሑፋት ዘደንቕ ምውህሃድ ደኣ እምበር ንሓድሕዱ ዝጋጮ መልእኽትታት ክህሉ ዘይሕሰብ እዩ። ስለዚ ኣብ ልዕሊ እቶም ንወንጌል ክብክሉ፡ ኣብ ልዕሊ ኣምላኽ ክለዓሉ፡ ንደምን መስዋእትን ክርስቶስ ከቃልሉን ክረግጹን ዝጽዕቱ መዓይይቲ ሰይጣን፡ ብዓቕልን ብፍርሃት እግዚኣብሄርን ተደሪኽና እንስንዘሮ ናይ ተቓውሞ ቃላት፡ ፍርዲ ዘይኮነስ ፍትሒ ምዃኑ ክንዝንግዕ ኣይግባእን። ብኣንጻሩ ኣብ ልዕሊ ኣምላኽ ኣዝዩ ኣጸያፊ ፍርዲ ንምሃብ ክለዓሉ እናረኣኻ፡ ኣብ ልዕሊኦም ምእንቲ ከይትፈርድ ኣፍካ ምኽዳን፡ ንኽብሪ ኣምላኽ ዝኾውን ቅንኣት ዘይብልካ፡ ኣብ ጽላል ገለገለ ጥቕስታት ተሓቢእካ እትነብር ግብዝ ክርስትያን ምዃንካ እዩ ዘቃልዕ።

ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ንሃዋርያ ጴጥሮስ፡ ነቲ ሰኾሪ ኣማኒ፡ ነቲ መፍትሕ መንግስተ ሰማያት ዝተቐበለ፡ ኣብ ልዕሊ ደጊታት ሲኦል ዝሓየለ ምዃኑ ባዕሉ ዝመስከረሉ ሃዋርያ፡ ምስቲ ናቱ ዘለኣለማዊ ዕላማ ዘይሳነ ገርህነት ዝመልአ ምድንጋጽ ኣይተቐበሎን። ጐይታ ብዛዕባ ሞቱ ክዛረብ ምስ ጀመረ፡ እቲ ገርህን ህውኽን ባህርይ ዝነበሮ ሃዋርያ ጴጥሮስ፡ ነቲ ዕላማ ምምጻእ ክርስቶስ ከየስተውዓለ፡ ንጐይታ ንበይኑ ፍልይ ኣቢሉ "ይባልህካ እባ ደኣ፡ ጐይታይ፡ እዝስ ኣይብጻሕካ" ኢሉ ክገንሖ ጀመረ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ግልጽ ኢሉ ንሃዋርያ ጴጥሮስ፡ "ካባይ ርሓቕ፡ ሰይጣን፡ ናይ ሰብ

እምበር ናይ ኣምላኽ ኣይትሓስብን ኢኻ እሞ፣ ንዓይ መዓንቀፊ ኢኻ፣" በሎ (ማቴ፣16፣21-23)። ጐይታና ነዚ ኹሉ ክንእዶን ክሾሞን ዝጸንሐ ሃዋርያ ጴጥሮስ፣ ብስጋውን ሰብኣውን ኣተሓሳስባ ተደሪኹ፣ ነቲ ዘለኣለማዊ መደቡ ዝዕንቅፍ፣ ፍቕርን ለውሃትን ዝመልአ ብዝመስል ቃላት ንዝተዛረቦ ሓሳብ ብተሪር ተግሳጽ ምምላሱ ኣብቲ ቀንድን ዘልኣለማውን መደቡ ንዘስንዘር ዝኾነ ደኹን ኣሉታዊ መርገጺ ንሕስያ ከም ዘይብሉ እዩ ዘርኢ። ንሃዋርያ ጴጥሮስ "ሰይጣን" ምባሉ ሃዋርያ ጴጥሮስ ከም ቅጽበት ናብ ሰይጣን ተለዊጡ ነይሩ ማለት ኣይኮነን። እንተ ኾነ እተን ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣብ ኣፉ ዘስተናበረን ቃላት ካብ ሰይጣን እምበር ካብ ኣምላኽ ኣይነበራን። ኣብቲ ካብ ኣምላኽ ዝተዛረበሉ ወቕቲ ድማ፣ "ስምኦን ወዲ ዮና፣ እዚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ እምበር፣ ስጋን ደምን ኣይገለጸልካን እሞ፣ ብጹእ ኢኻ።" ኢልዎ እዩ። ስለዚ ንኽብርን ዕዮን እግዚኣብሄር ኣብ ዝትንክፍ ዝኾነ ደኹን ዘይቅኑዕ እምነትን ኣካይዳን ከነናሕሲ ከም ዘይብልና ብቑዕ ኣብነት ካብ ጐይታናን ካብ ሃዋርያትን ዝረኸብና ይመስለኒ።

እዚ ጥራይ ዘይኮነ ኣብቲ ጐይታ ባዕሉ "ኣይትፍረዱ" ኢሉ ዝተዛረበሉ ናይ መጀመርታ ክፍሊ፣ ብዛዕባ ክፍረድ ዘለዎን ዘይብሉን ኣነጺሩ ገሊጽዎ እዩ። "ብዝፈረድክምዎ ፍርዲ ኪፍረደኩም፣ ብዝሰፈርክምሉ መስፈሪውን ክስፈረልኩም እዩሞ፣ <u>ከይፍረደኩም ኣይትፍረዱ</u>። ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ጉንዲ ዘይፈለጥካስ፣ ንምንታይ ኣብ ዓይኒ ሓውኻ ዘሎ በሰር እትርኢ? ወይስ ከመይ ጌርካ ንሓውኻ፣ ካብ ዓይንኻ በሰር ከውጽኣልካስ ሕደገኒ፣ ትብሎ? እንሆ ጉንዲ ኣብ ዓይንኻ ኣሎ። ኣታ ግብዝ <u>ቅድም ካብ ዓይንኻ ጉንዲ ኣውጽእ</u>፣ ሽዑ ካብ ዓይኒ ሓውኻ በሰር ንምውጻእ ኣጸቢቕካ ትርኢ። እቲ <u>ቅዱስ ነኽላባት ኣይትሃቡ፣ ዕንቊኹምውን ኣብ ቅድሚ መፋልስ ኣይትደርብዩ፣</u> ብኣእጋሮም ከይረግጽዎ እሞ፣ ተመሊሶም ከይትርትርኹም።" (ማቴ፣7፣1-6)። ኣብዚ ክፍሊ እዚ ከም እንግንዘቦ፣ በሰር ናይ ሓውካ ከተውጽእ ምህቃንካ ኣይኮነን እቲ በደል። ብኣንጻሩ በሰር እናረኣኻሉ ዓይኑ ተጐዲኡ ከም ዘሎ እናፈለጥካ ስቕ ምባል እዩ በደል ዝኸውን። እንተ ኾነ ኣብ ዓይንኻ ንዓይንኻ ዝኸውል ጉንዲ ከለካ ናይ ሓውካ በሰር ከተውጽእ ምፍታን በደል (ምፍራድ) ይኸውን። ምኽንያቱ ዓይንኻ ብጉንዲ ተኸዊሉ ከሎ በሰር ብጻይካ ንምውጻእ እትገብሮ ፈተነ፣ ብኣንጻሩ ነቲ ዓይኒ ብምንቋር ወይ ብምውጻእ እዩ ዝዛዘም። ናይ ዓይንኻ ጉንዲ ተኣልዩልካ ከብቅዕ ኣብ ዓይኒ ሓውካ በሰር እናረኣኻ ስቕ ምባል ግን እታ ዓይኒ ንኽትጠፍእ ፈሪድካያ ኣለኻ ማለት እዩ።



ብቐንዱውን ኣብ ፍቕዲ 6 "እቲ ቅዱስ ነኽላባት ኣይትሃቡ፣ ዕንቊኹም'ውን ኣብ ቅድሚ መፋልስ (ሓሰማ) ኣይትደርብዩ፣ ብኣእጋሮም ከይረግጽዎ እሞ ተመሊሶም ከይትርትሩኹም።" ብምባል ኣጠንቂቑና እዩ። ስለዚ ነቲ ከልብን ነቲ ሓሰማን ኣለሊኻ፣ "ነቲ ከልቢ ቅዱስ ነገር ኣይህቦን እየ፣ ነቲ ሓሰማ (መፍለስ) ድማ ዕንቊይ ኣይድርብን እየ" ምባል ፍርዲ ኣይኸውንን ማለት እዩ። ብቓላት ኣፈይ ወይ ብሓሳባተይ ከልቢ ወይ መፍለስ እንተ ኢለዮ፣ ነቲ "ኣይትፍረዱ" ዝብል ቃል ብምፍራስ በደለኛ ክኸውን'የ ኢልካ ምሕሳብ፣ <u>ነቲ ትርጉምን መንፈስን ናይቲ ጐይታ ዝበሎ ቃል ከም ዝግባእ ካብ ዘይምርዳእ ዝመጽእ ኣጉል ስግኣት ምዃኑ እዩ ዘርእየና</u>። ነቲ ከልቢ፣ ከልቢ ምባሉ ምፍራድ ኣይኮነን። ከምኡ እንተ ኾይኑ እሞ፣ ንሰይጣን ሰይጣን ምባልና'ውን ከም ምፍራድ ክቑጸረልና እዩ ማለት ድዩ? እቲ "ኣይትፍረድ" ዝበለ ጐይታ እዩ "ንኸልብን ንሓሰማን ቅዱስን ክቡርን ነገርኩም ኣይትሃቡ" ዝበለ። <u>ነቲ ጐይታ ዝሃቦ ሚዛናዊ ቃል፣ ኣብ ውሽጥና ብዛዕባ ስሕተትን መስሓትትን ንዘለና ዘይሚዛናዊ መርገጺ ከም መጐልበቢ ክንጥቅመሉ ቅኑዕ ኣይኮነን</u>። ኣቦታት "ንሰብ እንተ ሃብካዮ ናቱ፣ ሰብ ይሕጐስ እዝጊ ይፈቱ።" ከም ዝበሉ፣ ብዓቕልን ብፍርሃት እግዚኣብሄርን ደኣ ደኹን እምበር ንኹሉ ዘዝግብኦ፣ ናይ ኣምላኽ ንኣምላኽ፣ ናይ ቄሳር ከኣ ንቄሳር ምሃብ ፍትሓዊ ስጉምቲ እዩ።

"ኣይትፍረዱ" ዝብል ቃል ደኣ ኣብ ምንታይ እዩ ዝሰርሕ? ኢልና ክንሓትት ጽቡቕ እዩ። ናይ ምፍራድ ኣብነታት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሓት እዮም። ሓደ ካብኡ እቲ ምስላ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ተጋዊ ሰብኣይ ዝፈረደ ፈሪሳዊ እዩ። እታ ምስላ "ንሓያሎ ጻድቃን ምዃኖም <u>ብርእሶም ዝእመኑ፣ ንኻልኦት'ውን ዝንዕቁ</u> ዝነበሩ ድማ፣ እዚ ምስላ እዚ በሎም።" ብምባል እያ እትጀምር (ሉቃ፣18፣9-14)። እቲ ዝገበር ዘሎ ንዕቀት (ፍርዲ) መንፈሳዊ ሰረት ዘይብሉ፣ ካብ ገዛእ ርእሱ ዝነቐለ ምምጽዳቕ፣ ብመስፈሪ ተሰፊሩ ድማ ናብኡ ዝከየ ፍርዲ እዩ።

እቲ ካልኣይ ኣብነት ድማ እቲ ኣብ ሮሜ፣11፣13-32 ዘሎ መልእኽቲ እዩ። እቶም ዝኣመኑ ኣህዛብ ኣብ ልዕሊ እቶም ዘይኣመኑ ኣይሁድ ዝፈረድዎ ፍርዲ እዩ። እቶም ዝኣመኑ ኣህዛብ፣ ብርእሶም ብልህታት ስለ ዝኾኑ ናብ እምነት ከም ዝበቕዑ፣ ናይቶም እስራኤል ግን ብኣንጻሩ ከም ዝኾነ ጌሮም ይሓስቡ ነይሮም (ሮሜ፣11፣19,20,25)። ስለዚ ከኣ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ፣ "ፍራህ ደኣ እምበር ኣይትተዓበ"፣ ሕልፍ ኢሉ ድማ ድማ፣ "ኣሕዋተይ፣ ብርእስኹም

ብልህታት ዝኾንኩ ም ክይመስለኩም....።" ብምባል ዝጸሓፈሎም።

እቲ ሳልሳይ ኣብነት ድማ እቲ ኣብ መንግስ ሰብ ሮሜ ዝነበረ ናይ ምግቢ ክርክር እዩ (ሮሜ፡14፡1-23)። እቲ ዝበልዕ ኣብ ልዕሊ እቲ ዘይበልዕ ከም ዘይርዱእ (ዘይብሱል) ጌሩ እንተ ተረዲእዎ (እንተ ተዛሪቡሉ) ፍርዲ እዩ። እቲ ዘይበልዕ'ውን ኣብ ልዕሊ እቲ ዝበልዕ ከም ዝሃጸጸ (ትእዛዝ ዝጠሓሰ) ጌሩ እንተ ፈሪድዎ እዚ ኣብ ልዕሊ ሓውካ ምፍራድ እዩ። ምኽንያቱ ቀላ እኳ ክልቲኦም ክልተ ተጻራሪ ስጉምትታት ይኹዱ እንተለው፡ እቲ ዝገብርዎ ዘለው ግን ክልቲኦም ምእንቲ ጐይታኦም ኢሎም ይገብርዎ ስለ ዘለው፡ ኣብዚ ሓሳብ እዚ ክልቲኦም ሓደ ይኾኑ ኣለው። ጐይታ ከአ ንኽልተ ዝተፈላለየ ውሳኔታት ዘለዎም ሰባት፡ ብሓንሳእ ተቐቢልዎም እዩ። ነቲ ጐይታ ዝተቐበሎ ሰብ ክትፈርድ ድማ ግቡእ ኣይኮነን። ነቲ ጐይታ ዘይተቐበሎ ተግባርን ሰብን ክትፈርድ ግን ግቡእካ እዩ። ነዚ "ኣይትፍረድ" ዝብል ቃል ዘይትርጉሙ እንተ ሂብናዮ እሞ፡ ንቀላ ሓደ ሓጢኣት ዝገበረ ሰብ'ውን ኣይክንገንሖን ኢና። ብዛዕባ ሓጢኣትን ድኻምን ናይ ሰባት ኣይክንሰብኽን ኢና፡ ወንጌል ዝበሃል ድማ ኣኽቲሙ ኣሎ ማለት እዩ። ስለዚ ብዛዕባ ስሕተት ዝምልከት እቲ ጐይታን ሃዋርያቱን ዝወሰድዎ መርገጺ፡ ከም ኣብነትን ኣሰርን ናይቲ ንሕና ሕጂ ኣብ ዘመንና ክንወስዶ ዘለና መርገጺ ጌርና ክንወስዶ ቃል እግዚኣብሄር ኣማሕጺኑና ኣሎ።

## ንዝተጋገዩ ናይ ምምላስ ሓላፍነት

ነቲ ዝተገብረልና ጸውዒት ተቐቢልና ንጐይታ ምስዓብ ድሕሪ ምጅማርና፡ ንሕናውን ናይቲ ዘድሓነና ናይ ድሕነት ጸውዒት ናይ ምቅላሕ ሓላፍነት እዩ ዘሎና። እቲ ጸውዒት ድማ ነቶም ንመንገዲ ምድሓን ፈጺሞም ዘይረኸብዎን፡ ነቶም ካብቲ ድሮ ረኺቦምዎ ዘለው መንገዲ ምድሓን ዝወጹ ዘለው ሰባትን የጠቓልል። ስለዚ ከአ ጐይታ ብኣፍ ነብዩ ህዝቅኤል ከምዚ ብምባል ነጊሩና ኣሎ። "እምበኣርሲ፡ ኣታ ወዲ ሰብ፡ ኣብ ቤት እስራኤል ሓላዊ ገይረ ኣቚመካ እየ፡ ነቲ ቃል ካብ ኣፈይ ስማዕ እሞ ኣብ ክንዳይ ኴንካ ኣጠንቅቆም። ኣነ ነቲ ረሲእ፡ ኣታ ረሲእ፡ ብርግጽ ክትመውት ኢኻ፡ እንተ በልክዎ፡ ንስኻ ኸኣ ነቲ ረሲእ፡ ካብ መገዱ ክምለስ ኢልካ ክተጠንቅቖ፡ እንተ ዘይተዛረብካዮ፡ እዚ ረሲእ ብሰሪ ረሲእነቱ ኺመውት እዩ፡ ደሙ ግና ካብ ኢድካ እየ ዝደልዮ። ግናኸ ነቲ ረሲእ ካብ መገዱ ክምለስ እንተ ኣጠንቀቕካዮ፡ ንሱ ከአ ካብ መገዱ እንተ ዘይተመልሰ፡ ንሱ ብሰሪ ረሲእነቱ ክመውት



እዩ፡ ንስኻ ግና ንነፍስኻ ኣድሒንካያ።" (ህዝ፡33፡7-9)። እምበኣር ነታ ጸውዒት መድሓኒኻ ብምቕባል ዘድሓንካያ ነፍስኻ፡ ነቲ ጐይታ ዝሃበካ ንዝተጋገየ ናይ ምምላስ ሓላፍነት ብዘይ ምፍጻምካ፡ ዕዳ ደም ብጸይካ ኣብ ልዕሌኻ ኮይኑ ንነፍስኻ ከተጥፍኣ ኢኻ። ስለዚ ድሕነት ናይ ግሊ ጉዳይ እኳ እንተ ኾነ፡ ምስ ህይወት ብጸትና ዘይዛመድ ንጹል ህይወት ግን ጐይታ ኣይሃበናን። ኣብቲ ናይ ውልቅና ህይወት ምትእስሳር ከም ዝህሉ ብምግባር፡ ኣብ ውሽጢ ብዙሕነትና ብዘደንቕ ሓድነት ክንሓብር ፈቒዱ እዩ። ስለዚ ከአ እዩ ንህዝቅኤል ብእኡ ኣቢሉ ድማ ንዓና እዚ ስምዕታ እዚ ተደጋጊሙ ተዋሂቡና ዘሎ (ህዝ፡3፡16-21)።

ነብዩ ዮናስ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ መዓት ተንጠልጢሉሉ ዘሎ ህዝቢ ነነዌ፡ "ተመለስ" ናይ ምባል ተልእኾ ተዋሂብዎ ከብቅዕ፡ ንኽብረ ርእሱ ክብል፡ ብኣብያ ናብ ተርሲስ ገጹ ሃደመ። ንሱ ምስ ነገሮም እንተ ተነሲሖም እግዚኣብሄር ክምሕሮም እዩ። ስለዚ ዮናስ፡ "እቲ ክትጠፍኡ ኢኹም ዝበልክዎ ቃል ስለ ዘይተፈጸመ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ነነዌ ሓሳዊ ኮይነ ክርከብ፡ ክብረይ'ውን ክጐድል እዩ" ኢሉ ሓሰበ። ወዮ ደኣ ዘየስተውዓለ ኮይኑ እምበር፡ እግዚኣብሄር ምእንቲ ክምለሱ ኢሉ እዩ ልኢኽዎ። ክጠፍኡ ዝደሊ እንተ ዝኸውን እሞ፡ ነብዩ ክልእከሎም ኣይመድለዮን። ነዚ ቅዱስ ዕላማ ናይ እግዚኣብሄር ከም ዝግባእ ዘየስተውዓለ ነብዩ ዮናስ ግን ብኣብያ ኮብለለ። እዚ ጥፍኣትዚ እናረኣኻ ምእንቲ ክብርኻ ክትብል፡ ንኣፍካ "ብናይ ፍርዲ" ቃላት ክይትጽይቕ ክትብል ምኹብላል፡ ካብቲ ናይ ህዝቢ ነነዌ ዝገደደ ኣበሳ እዩ ዝኸውን። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ነነዌ ዘንጸላሉ ዘሎ ናይ ጥፍኣት ማዕበል ከህድእ ዝተጸውዐ ሰብ፡ ብመርከብ ብሰላም ንዝጐዓዙ ሰባት ዘይተደላዩ ማዕበል ኣለዓዒሉሎም። ካብቲ ኣብ ኩሉ ዝርከብ፡ ኩሉ ዝፈልጥ፡ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ ይትረፍ ኣብ ከብዲ መርከብ፡ ኣብ ምድሪ ቤት ናይ መዓሙቕ ሲኦል መንጸፉ ኣንጺፉ በጥ እንተ በለ እኳ፡ ንእግዚኣብሄር ክሕብኦ ከም ዘይክእል ካብቶም ናይ ቀደም ኣቦታቱ ዝተማህረ ኣይመስልን። ቀላ እኳ ንሱ ብሰብ-ሰርሖ ግኡዝ መርከብ ክሃድም እንተ ሃቀነ፡ እግዚኣብሄር ድማ በቲ ባዕሉ ዝፈጠሮ፡ መራኽብ ክግልብጥ ዝኽእል ህያው መርከብ (ዓሳ ነባሪ) ጌሩ ናብ ነነዌ መለሶ።

ኣብዚ ዘመን እዚ'ውን ከም ናይዚ ዘይእዙዝ ነብዩ እዚ ኣካይዳ እንኸይድ ዘሎና ንመስል። ገለ ናይ ተቓውሞ፡ ናይ ተመለስ መልእኽትታት ብጉባኤ ይኹን ብውልቀ ሰብ ደረጃ እንተ ሂብና፡ ካብቲ ዝተነግሮ ኣካል ክመጽእ ካብ ዝኽእል ግብረ መልሲ ምእንቲ ክንድሕን፡ ኣብ ናይ ስቕታ መርከብ

ተሓቢእና ክንሃድም ንፍትን ኣሎና። ብዛዕባ ድሕነት፣ ፍቕሪ፣ ውህበታት መን ፈስ ቅዱስ ንምዝራብ ካብ ሓፍና ቅልቕል ኢልና ወጺእና ከም ኣንበሳ ክንጓዝም፣ ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ኣንጸላልዩ ዘሎ ናይ ተኸሊ ወንጌል ሓደጋ ከ ኣ፣ ንምዝራብ ፈሪህና ኣብ ውሽጢ'ቲ ሰጢሙ ዝተዓጽወ ኣፍና ተሓቢእና ክን መላለስ ምርኣይ ንኸትርድኦ ዘጸግም ዝተደናገረ (Confused) ህይወት እዩ። ከ ምቲ ሃና ኣብ ጸሎታ፣ "ልበይ ብእግዚኣብሄር ይሕጉስ ኣሎ፣ ቀርነይ ብእግዚኣ ብሄር ክብ ይብል፣ ብምድሓንካ ተሓጒሰ እየ እሞ፣ ኣፈይ ናብ ጸላእተይ ሃህ ኢሉ ኣሎ።" ዝበለት ሎሚ'ውን ንሕና ናብ ጸላእቲ ወንጌል ኣፍና ሃህ እንብለሉ እዋናዊ ወቕቲ ምዃኑ ኣይንዘንግዕ። (1ሳሙ፣2፣1)።

ብመንጽር ሓደገኛንት ናይዚ ናይ ስሕተታት ትምህርቲ ክርአ ከሎ እዚ መጽሓፍ እዚ ኣዝዩ ኣገዳስን እዋናውን ምኳኑ ርግጽ እዩ። ስለዚ ኩሎም ኣገልገልቲ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያንናን ምእመናናን ክጥቀሙሉ እናዘኻኸርና ነዚ መጽሓፍ እዚ ብቅንኣት ሕጊ እግዚኣብሔር ተደሪኹም ዝዳለዉ ቀሺ ዶ/ር ተኽለኣብ መንግስትኣብ እ[illegible]ኣብሔር ጸጋኡ ክብዝሓሎም ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ትምነ።

መንበረ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ

ሓውና ዶ/ር ተኽለኣብ መንግስተኣብ ሓላፍነቱን ግቡኡን ብምርዳእ ንፍቓድ እግዚኣብሄር እናተኣዘዘ ነቶም ግቡኦም ሸለል ዝበሉ ግቡኦምን ሓላፍነቶምን ዝረስዑ፣ ብንስሓ ናብ ቦታኦም ክምለሱ ዝድርኽን፣ እቶም ንርእሶም ስሒቶም ንኻልኦት ዘስሕቱ ሓሰውቲ መማህራን ዝዘርእዎ ክርዳድ ንምምሒላው ዝረድእ፣ እቶም በዚ ስሑት ትምህርቲ ዝተጋገዩ ሃዲኦም ነፍሶም ዝምርምርሉ መጽሓፍ ምድላዉ ዘሐብን እዩ።

ቀሺ ገብረመድህን ገብረጊዮርጊስ

እዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍ እዚ መጀመርታ ነቶም ሰኣን ሓቀኛ መንፈሳዊ ፍልጠት ኣብ ስሕተት ዝወድቁ ዘለዉ መንእሰያት ደቂ ቤተ ክርስቲያን ሓቀኛ መንፈሳዊ እምነት ፈሊጦም ካብ ስሕተት ንኽጥንቀቑ፣ ነቶም ብጉልባብ መጽሓፍ ቅዱስ ንደቂ ቤተ ክርስቲያን ዘስሕቱ ዘለዉ ውልቀ ሰባትን ማሕበራትን ከኣ ጉዶም ኣቃሊዑ ኣፎም ዝዓብስ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ስለ ዝኾነ ደጊመ ኣዝዩ ኣገዳስን ታእዋናውን ጽሑፍ እዩ እብል።

መሪ. ሰመረኣብ ወልደገብርኤል

እቲ መግቢ ክብክል፣ እቲ መንገዲ ክትምየን እቲ ጕይታ ክጽረፍ፣ እቲ መኻሰ ክዝረፍ፣ እቶም ጓሶት ክፅነዱን ክፅዘሙን እናረኣኻ ስቕ ምባል፣ ብቓላት ኮነ ብሓሳብ ክትገልጾ ዘጸግም ሓደገኛ ክስተት እዩ። ሎሚ ኣብ ሃገርና ተኸሲቱ ዘሎ ክሕደት ኣብ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን መዳርግቲ ዘይብሉ ኮይኑ ክነሱ ኣብያተ ክርስትያን ነዚ ትምህርቲ እዚ ንዘይምቅዋም ተዓዚመን ምርኣይ ኣዝዩ ከቢድ እዩ።

ዶ/ር ተኽለኣብ መንግስትኣብ